# ቃለ ጉባኤ ኣሰናዳዊት ኮሚቴ ምጥያሽ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ትግራይ

ዕለት፤ 10/05/2016 ኣ/ግ

**ኣጀንዳ ኣኼባ**

ቅድም ክብል ምጥያሽ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ትግራይ ኣመልኪቱ ብውድባት ፖለቲካ ትግራይ፣ ማሕበራትን፣ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይን ኣቢሎም ዝቐረቡ ኣማራፂ ሓሳባት መሰረት ገይሩ ተጠሚሩ ኣብ ዝቐረበ ሰነድ ዝርዝር ምይይጥን ውሳነን ምሃብ።

**ኣብ ኣኼባ ዝተረኸቡ ተሳተፍቲ**

1. ኣይተ ሩፋኤል ሽፋረ (ካብ ቤት ፅሕፈት ፕረዝደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ)
2. ኣይተ ሓዱሽ ተሰፋ (ካብ ካቢኔ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ)
3. ኣይተ ትኩእ (ካብ ውድብ ሀወሓት)
4. ኣይተ የማነ ካሳ (ካብ ውድብ ሳወት)
5. ኣይተ ኪዳነ ኣመነ (ካብ ውድብ ባይቶና)
6. ኣይተ ኣብርሃም ገ/ወልድ (ካብ ውድብ ኣክሱማይ ዋዕላ)
7. ኣይተ ዶሪ ኣስገዶም ((ካብ ውድብ ዓሲምባ)
8. ኣይተ ዓምዶም ገብረስላሰ (ካብ ውድብ ዓረና ትግራይ)
9. ዶ/ር ገ/መድህን ሮምሃይ (ካብ ውድብ ዉናት)
10. ዶ/ር ይክኣሎ (ካብ ACSOT)

**መእተዊ**

ቅድም ክብል ቅድሚ ሓደ ወርሒ ማለት እውን ብዕለት 10/04/2016 ኣ.ግ እቲ ኮሚቴ ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ ዝርዝር ክትዓትን ሓሳባትን ድሕሪ ምክያድ ብቀፃሊ እቲ ኮሚቴ እንታይን ብከመይን ስራሕቱ ክውግን ይግባእ ዝብል ዘትዩ ውሳነ ኣዕሪፉ እዩ። ብመሰረት እዚ ድማ እቶም ተግባራት ብቕደም ሰዓብ ኣፈፃፅመኦም መሰረት ኣብ ሓሙሽተ መቒሉ ዘቐመጠ ኮይኑ ንሳቶም ድማ ከም ዝስዕብ ዝቐረቡ እዮም።

Step 1: ምጥያሽ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ትግራይ ብዝምልከት ናይ ኩሎም ኣማራፂ ሓሳባትን ርኢቶን ዝሃቡ ኣካላት ሓሳቦምን ትሕዝቶኡን ዝሓዘ ጥሙር ሰነድ ምፅፋፍን ምድንፋዕን፤

Step 2: ብመሰረት Step 1 ኣብ ዝቐረበ ጥሙር ሰነድ ምይይጥ፣ ዘተን ክትዕን ምክያድ፤

Step 3: ሓበራዊ ምርድዳእ ኣብ ዘይተበፀሐሎም ነጥብታት (ሓሳባት) ብድምፂ ክውሰኑ ምግባር፤

Step 4: በዚ ኣቢሉ ድማ ዝተማልአ ሰነድ ምፍጣር፤

Step 5: እቲ ፀርዩ (ተጣሊሉ) ዝቐረበ ሰነድ ኣብ መወዳእታ ብመንን ብከመይን መንገዲ ይውሰን (ይፀድቕ) ዝብሉ እዮም።

በዚ መሰረት ድማ እቲ ኮሚቴ ሎሚ ዕለት፤ 10/05/2016 ኣ/ግ ሙሉእ መዓልቲ ኣኼባኡ ዘሳለጠ ኮይኑ ዝርዝር ትሕዝቶ እቲ ዋዕላ (ቃለ-ጉባኤ) ድማ ከም ዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ።

1. **ኣድላይነት ምጥያሽ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ትግራይ ብዝምለከት**

ኣድላይነት ብዝምልከት ኣብ ሞንጎ ተሳተፍቲ ኣፈላላይ ስለዘየለ ብሓበራዊ ምርድዳእ ድጋፍ ረኺቡ ተወሲኑ ኣሎ።

2. **ዕላማ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ትግራይ ብዝምልከት**

***ዶ/ር ይክኣሉ (ካብ ACSOT)፦*** ኣብ ዝሓለፈ ምስ ፕረዝደንትን ላዕለዎት ኣመራርሓን ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣብ ዝነበረና ኣኼባ እውን ዝተልዓለ እቲ ቤት ምኽሪ ግዝያዊ ምምሕዳር ህዝባዊ ቅቡልነት (Public Legitimacy) ንክረክብን ናይ ምምኻር ሓላፍነት ክህልዎን ዝብሉ ሓሳባት ካብቶም ኣመራርሓ ተላዒሉ እዩ። ስለዚ ዕላማ እቲ ቤት ምኽሪ ካብ ተግባርን ሓላፍነቱን ዝቕዳሕ ስለዝኾነ ሓላፍነቱ ናይ ኣማኻሪነት ድዩ ወይስ ካልእ ብዝብል መንፅር ተንርእዮ ፅቡቕ እዩ ክብሉ ሓሳቦም ገሊፆም።

***ኣይተ ሓዱሽ (ካብ ካቢኔ)፦*** ኣብ ዝሓለፈ ምስ ኣመራርሓ ግዝያዊ ምምሕዳር ዝተለዓላ ኣውራ ዕላማታት ኣርባዕተ እየን። ንሳተን ድማ፤-

- ግልፅነትን ተሓታትነትን ግዝያዊ መንግስቲ ምርግጋፅ፤
- ኣብ ሞንጎ ህዝብን መንግስትን መራኸቢ ድልድል (Bridge) ኮይኑ ከገልግል፤
- ተሳትፎ ህዝቢ ንክህሉ ከም ሓደ ዓብዩ ትካል ኮይኑ ከገልግልን፤
- ቀጻሊ መረፃን ፖለቲካ ትግራይን ምዕሩይን ፍትሓውን ንክኸውን ጥጡሕ ባይታ ምፍጣር ዝብሉ እዮም።

***ዶ/ር ገ/መድህን (ካብ ውናት)፦*** ካብተን ልዕል ክብል ዝቐረባ ኣርባዕተ ኣማራፂታት እታ ከም ዕላማ ክትውሰድ ዘለዎ እታ ናይ መወዳእታ (ራብዐይቲ) እያ። እተን ዝተረፋ ብኣውርኡ ሓላፍነትን ግቡእን እቲ ግዝያዊ ምምሕዳር እምበር ከም ዕላማ እቲ ዝጣየሽ ቤት ምኽሪ ክኸውን የብሉን። ስለዚ ካብታ ራብዐይቲ ብተወሳኺ ዕላማ እቲ ቤት ምኽሪ ሓሳብ ምቕራብ፣ ምቁፅፃርን ውሳነ ምሃብን ዝብል ክውሰኽ ይግባእ።

***ኣይተ ኪዳን (ካብ ባይቶና)፦*** ዕላማ እቲ ቤት ምኽሪ ምስቲ ዝኅደለና ሓደ ጨንፈር መንግስቲ (ቤት ምኽሪ) ናይ ምምላእ ዕላማ ክተሓሓዝ ይግባእ። ኣብዚ ናይ ሱዳን Supereme Council ከም ኣብነት ምውሳድ ይከኣል። ስለዚ ዋና ዕላማ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ንቀፃሊ መረፃ ጥጡሕ ባይታ ምፍጣር ዝብል ክኸውን ይግባእ። እዚ ንክኸውን ድማ መንግስትን ውድብን ክፈላለዩ ምግባር ናይ ግድን ይኸውን። ስለዚ መንግስትን ውድብን ክፈላለዩ

ዝኽእልሉ መሰርሕ ምፍጣር ዝብል ተወሳኺ ዕላማ እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ክኸውን ይግባእ። ብተወሳኺ ድማ እቲ ቤት ምኽሪ ክሳብ ጣብያ ዝወርድን ግዝያዊ ምምሕዳር ውፅኢታዊ መንግስታዊ መሓውር ክኸውንን ዝገብር ክኸውነ ኣለዎ። ካልእ ዕላማ እቲ ቤት ምኽሪ ስትራቴጂካዊ መሪሕነት ዝምልከት ኮይኑ እዚ ድማ ውሳነታት እቲ ቤት ምኽሪ ብዕድመን በዝሒ ወንበርን ዘይኮነስ ብናይ ሓሳብ ንፀረትን ክብደትን ክኸውን ዝብል ተዝውሰኸሉ ይብል።

*ኣይተ ትኩእ (ካብ ሀውሓት)፦* ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዝተጣየሸሉ ናይ ባዕሉ ዕላማ ኣለዎ። ስለዝኾነ ድማ ኣንሕና ኣብዚ ኮፍ ኢልና ካልእ ተልእኾ ክንህቦ ኣይንኽእልን። ስለዚ ሓደ ዕላማ እቲ ቤት ምኽሪ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ  ዝተውሃቦ ተልእኾ እንትፍፅም ግልፅነትን ናይ ሞራል ተሓታታይነትን ዘለዎ ምምሕዳር ክኸውን ዝብል ክኸውን ኣለዎ። ካልእ ዕላማ እቲ ቤት ምኽሪ ሓሳባት ዝንሸራሸርሉ መድረኽ ክኸውን ዝብል ኮይኑ እዚ ድማ ኣብቲ ኣብ ሞንጎ ህዝብን መንግስትን ከም ድልድል ኮይኑ የገልግል ተባሂሉ ዝተገለፀ ዝካተት እዩ። ካልእ ድማ ንቀፃሊ መረፃ ትግራይ ጥጡሕ ባይታ ምፍጣር ተባሂለ ዝተገለፀ ኣብ ተልእኾ እቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ዝተገለፀ ስለዝኾነ ተዘይኣትው እውን ፀገም የብሉን።

*ኣይተ ዶሪ (ካብ ዓሲምባ)፡* እቲ ናይ ምምኻር ሓላፍነት ዝብል ንህዝብና እውን ዝምጥን ኣይኮነን። ስለዚ ካብኡ ሓፍ (ልዕል) ዝበለ ህዝብና ካብቲ ዘለዎ ፀገም ንክወፅእ ዘኽእል ሓላፍነት ክህልዎን እቲ ዕላማ ድማ በዚ መነፅር ተዝርአ ፅቡቕ እዩ። እዚ ማለት ድማ እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ምስ ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላት ናይ ምርኻብ ስልጣን ሓዊሱ ዓብዪ ናይ ምውሳን ስልጣን ክህልዎ ይግባእ።

*ኣይተ የማነ (ካብ ሳውት)፦* ምስ ዕላማ ተተሓሒዙ ኣብ ዝሓለፈ ምስ ፕረዝደንት ግዝያዊ ምምሕዳርን ካልኦት ላዕለዎት ኣመራርሓ ግዝያዊ ምምሕዳርን ኣብ ዝነበረና ኣኼባ ካብቶም ኣመራርሓ ዝቐርብ ካብ ዝነበሩ ሓሳባት እቲ ሓደ እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ግዝያዊ ምምሕዳር ህዝባዊ ቅቡልነት (Public Legitimacy) ክህልዎ ምግባር ዝብል እቲ ሓደ እዩ። ይኹን እምበር ግዝያዊ ምምሕዳር ዘለዉ ፀገማትና ንምፍታሕ ውፅኢታዊን ግብራዊን ምምሕዳር ንክኸውን ምሕጋዝ ከም ዘሎ ኮይኑ ንሕና ከም ውድብ ፖለቲካ ንሳተፈሉን ንቃለሰሉን ፖለቲካዊ ዕላማ ዘለና እምበር ነቲ ምምሕዳር ህዝባዊ ቅቡልነት ንክህልዎ እንገብረሉን እንሰርሓሉን ኩነታት ክህሉ ኣይግባእን። ቅቡልነት ግዝያዊ ምምሕዳር ክነቅል ዘለዎ ካብ ስራሕቱን ተግባራቱን እምበር ውድባት ፖለቲካ ሓዊሱ ካብ ዝሳተፉሉ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ክኸውን ትኽክል ኣይኮነን። ከምዚ እንተኾይኑ እቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ንኣንሕና ክነዳምቐሉን ክነዕምብረሉን ዝፈጠሮ መድረኽ ስለዝገብር ቅቡልነት ክህልዎ ኣይግባእን። ብተወሳኺ ድማ መድረኽ ተሳትፎ ህዝቢ ኮይኑ ከገልግል ዝብል ከም ኣውራ ዕላማ ምቕማጡ ትኽክል ኣይመስለንን። እዚ ምናልባት ኣብ ሞንጎ ተሳትፎ ህዝቢን (Public Participation) ብመረፃ ዝረጋገፅ ውክልና ህዝቢን (Public Representation) ዘሎ ኣፈላላይ ሓዋዊስካ ካብ ምርኣይ ዝመፅእ እዩ። ተሳትፎ ህዝቢ ኩሉ ግዘ መንግስቲ ስራሕቱን መሰረታዊ ውሳነታት ቅድሚ ምምሕልላፉ ክገብሮ ዝግባእን ብዝተፈላለዩ መንገዲታት (መድረኻት) ኣቢሉ ክፍፀም ዘለዎ እዩ።

ስለዚ እዚ ክጣየሽ ተደልዩ ዘሎ ቤት ምኽሪ መግለፂ ውክልና ህዝቢ ዝኾነ እቲ ዝነበረ ቤት ምኽሪ ብዘይምህላዉ ነቲ ዝተፈጠረ ሓጓፍ ዝመልእ ልዕል ዝበለ ሓላፍነትን ትርጉምን ዘለዎ ክኸውን ይግባእ።

ስለዚ ኣውራ ዕላማታት እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ቀፃሊ መረፃን ፖለቲካ ትግራይን ሓቛፉይን ብዙሕነት ሓሳባት ፖለቲካ (Political Pluralism) ዘለዎ ንክኸውነ ጥጡሕ ባይታ ምፍጣር፣ ስራሕቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ብዝግባእ ንክፍፀሙ ዘኽእል ናይ ግልፅነትን ተሓታታይነት ትካል ክኸውን፣ ህዝብና ካብቲ ዘለዎ ከቢድ ፀገም ንክወፅእ ከም ሓደ ዓብዩ ትካል መዋፅኦ ኮይኑ ከገልግልን ግዝያዊ ምምሕዳር እዞም ፀገማት ህዝብናን ዓድናን ንክፈትሕ ዘድልዮ ሓገዝን ድጋፍ ናይ ምሃብ ዝብሉ ኣውራ ዕላማታት እቲ ቤት ምኽሪ ክኾነ ዝግባእ ኮይኑ እዚ ንክኸውን ድማ እቶም ዝወሃብዎ ተግባርን ሓላፍነትን በዚ መንፅር ዝቐረፁ ክኾኑ ይግባእ። ብሓፈሻ ዕላማ እቲ ቤት ምኽሪ ካብ ዝህልውዎ ተግባራትን ሓላፍነትን ዝፍለፍል ስለዝኾነ ፈለማ ተግባርን ሓላፍነትን ርኢና ደሓር ተመለሲስና ናብ ዕላማ ተንምለስ ዝብል ሓሳብ ኣለኒ።

***ኣይተ ኣብራሃም (ካብ ኣክሱማይ ዋዕላ)፦*** እቲ ዕላማ ክንርኢ ከለና እቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ካብ ዝተጣየሸሉ ዕላማ መሰረት ዝገበረ ክኸውን ይግባእ። ብዝሓለፈ ብጀ/ፃድቃንን ኣይተ ጌታቸውን እውን ዝቐረበት ውዕሊ ፕሪቶርያ ክትግበር ምግባር ዝብል ነይሩ። ስለዚ እዚ እውን ሓደ ዕላማ ኮይኑ ተዝኣቱ ዝብል ኮይኑ ብተወሳኺ ድማ ግዝያዊ ምምሕዳር ዝሰርሖም ስራሕቲ ክከታተልን ክቆፃፀርን ዝብል እውን ክህሉ ይግባእ።

***ኣይተ ዓምደም (ካብ ዓረና)፦*** እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ልዕሊ ምምኻር ዝኾነ ሓላፍነት ክህልዎ ከም ዝግባእ ዝተረዳዳእና ይመስለኒ። ስለዚ ግልፅትን ተሓታትነትን ምስፉን ዝብል ዕላማ ክኸውን ይግባእ። ከም መድረኽ ተሳትፎ ህዝቢ ኮይኑ ከገልግል ዝብል ግልፂ ኣይመስለንን። ብዝኾነ እቶም ዝቐረቡ ሓሳባት ንሓዞም እሞ ፈለማ ናብቶም ተግባርን ሓላፍነትን እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ምስ ረኣይና ናብ ዕላማ ተንምለስ።

***ኣይተ ኪዳን (ካብ ባይቶና)፦*** By the way, ዕላማ እንትንሓስብ ፌዴራል መንግስቲ እንተኣእቲና ብመሰረት እቲ ፌዴራል ዘውፅኦ መጣየሺ ደምቢ እቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ኩሎም ፖለቲካዊ ሓይልታት ትግራይ ዝሓቑፈ ክኸውን ይግባእ ነይሩ። ስለዚ ንቐፃሊ መረፃ ጥጡሕ ባይታ ምፍጣር ዝብል ብግልፂ ዕላማ እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ክኸውን ናይ ግድን እዩ።

***ዶ/ር ገ/መድህን ( ካብ ዉናት)፦*** ፈለማ ተግባርን ሓላፍነትን ርኢና ደሓር ናብ ዕለማ እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ንመለስ ዝብል ትኽክል ኣይኮነን። ስለዚ ሐዚ ብዛዕባ ዕላማ ከይወዳእና ናብ ቀፃሊ ክንሓልፍ የብልናን።

***ዶ/ር ደክኣሎ (ACSOT):-*** ዕላማኻ ክተቐምጥ ከለኻ ፈለማ ዘለካ ተግባርን ሓላፍነትን ክትርኢ ግድን እዩ። ስለዚ ኣብዚ ጥቕልል ኣቢልና ተንሓልፍ።

***ኣይተ ሩፋኤል (ካብ ፕረዝደንት ቢሮ)፦*** እታ መንግስትን ውድብን ምፍልላይ ትብል ከም ዕላማ ወይስ ከም ተግባርን ሓላፍነትን ክቕመጥ ይግባእ ዝብል ተንርኢያ። ኣብዚ መድረኽ ናብ ድምፂ ምሃብ (ውሳነ) ኣይንኸይድን።

*ኣይተ ሓዱሽ (ካብ ካቢኔ)፦* ግልፂ ንምግባር ዝኣክል ቅድሚ ሐዚ ዝሰራሕናዮ እቶም ዝቐረቡ ሓሳባት ናብ ሓደ ናይ ምጥማር ስራሕ ጥራሕ እዩ። ሐዚ ግን በቲ ዘቐመጥናዮ መስርሕ መሰረት ኣብ ሕድሕድ ነጥቢ ተዘራሪብና ምውሳን ዝብል እዩ።

*ኣይተ የማን (ካብ ሳውት)፦* ሩፋኤል ኣብ ዝሓለፈ ኣኼባ ስለዘይነበርካ እምበር ከመይ ክንኸይድ ዝብል ብቅደም ስዓብ ሓሙሽተ ተግባራት ኣቐሚጥና ኢና። ብመሰረት እዚ ድማ ድሕሪ ሰነድ ምጥማር ቀፂላ ካልኣይቲ ክትኾን ዝወሰንናያ ሓበራዊ ስምምዕ ተተበፂሖ ፅቡቕ፤ እንተዘይኮይኑ ግና ኣብ ኣፈላላያት ብድምፂ ክውሰኑ ምግባር ዝብል እዩ። እዚ ኣብ ቃለ-ጉባኤና እውን ኣለዋ እየን። ከንብበልኹም እውን ይኽእል (ተነቢቡ)። ስለዚ ሐዚ ናብ ድሕሪት ዝመልሰና ሓዱሽ ኣከያይዳ ትኽክል ስለዘይኮነ እናወሰንና ተንኸይድ ዝሓሸ እዩ።

*ኣይተ ኪዳን (ሂዩማና)፦* ኣብ ኣከያይዳ ፀገም ኣሎ። ሩፋኤል ካብቶም ተቐርቦም ቃላት እውን ዝተረዳእኹዎ Schrewed (ጉርሒ/ሸጣራ) ዝኾነ ነገር ይርኢ ኣለኹ። ኣነ እቲ ሓዱሽ ዝበሎ እየ ዝወስድ። ኣብዚ (ዕላማ ዝምልከት) ንካታዕ እምበር ዝተወሰነ ነገር የለን። ንኣብነት መንግስትን ፓርቲን ክፍለይ ከም ዕላማ ይእቶ ኣብ ዝበልኹዎ ዝቀረበ ዝተፈለየ ሓሳብ የለን። ግን ክኣቱ ኣይደለኻን። ንምንታይ?

*ኣይተ ዓምዶም (ዓረና)፦* በታ ሩፋኤል ኣብ ዘይነበርካላ ዝወሰንናያን ሐዚ እውን የማን ዘንበበልናን ኣከያይዳ ተንኸይድ።

ዕላማ ብዝምልከት ልዕል ክብል ከም ዝተገለፀ ርኢቶታትን ክትዕን ድሕሪ ምግባር ኣፈላላይ ኣብ ዘለሉን ሓበራዊ ምርድዳእ ኣብ ዘይተበፀሐሉን ግዜ ብድምፂ ክውሰን ከም ዘለዎ ምርድዳእ ተበፂሑ። ብመሰረት እዚ ድማ ዕላማ ብዝምልከት ኣብዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ድምፂ ክወሃብ ተገይሩ።

ሀ. ፈለማ ተግባርን ሓላፍነትን ርኢና ደሓር ናብ ዕላማ ንመለስ ወይስ ዕላማ ወዲእና ናብ ተግባርን ሓላፍነትን ንኺድ ኣብ ዝብል ዝተውሃበ ድምፂ

- ፈለማ ዕላማ ወዲእና ንሕለፍ ዝበሉ- 6 (ሽዱሽተ ድጋፍ)
- ፈለማ ተግባርን ሓላፍነትን ንርአ ዝበሉ- 3 (ሰለስተ ድጋፍ)

ብመሰረት እቲ ዝተውሃበ ድምፂ እቶም ዕላማታት ወዲእና ንኺድ ዝብል ኣብዝሓ ድጋፍ ስለዝረኸበ እቲ ኮሚቴ ናብቶም ዝቐረቡ ዝርዝር ዕላማታት ብምሕላፍ ብድምፂ ዝወሰነ ኮይኑ እቶም ዝርዝር ዕላማታትን ንሕድሕዶም ዝተወሃበ ድምፂ (ናይ ድጋፍ፣ ተቓውሞን ድምፀ-ተኣቅቦን) ድማ ከም ዝስዕብ እዩ።

- ○ ግልፅነትን ተሓታትነትን ግዝያዊ መንግስቲ ምርግጋፅ ዕላማ ክኸውን ዝብል ሙሉእ ድጋፍ (10 ድምፂ) ብምርካብ ተወሲኑ።

- ኣብ ሞንጎ ህዝብን መንግስትን መራኸቢ ድልድል (Bridge) ኮይኑ ከገልግል ዝብል ብሸሞንተ ናይ ድጋፍ ድምፂን ብክልተ ናይ ተቓውሞን ውሳነ ተዋሂቡ።
- ተሳትፎ ህዝቢ ንክህሉ ከም ሓደ ዓብዩ ትካል ኮይኑ ከገልግልን ዝብል ብትሽዓተ ናይ ድጋፍ ድምፂን ብሓደ ድመፀ-ተኣቅቦን ተወሲኑ።
- ቀፃሊ መረፃን ፖለቲካ ትግራይን ምዕሩይን ፍትሓውን ንክኸውን ጥጡሕ ባይታ ምፍጣር ዝብል ብትሽዓተ ናይ ድጋፍ ድምፂን ብሓደ ድመፀ-ተኣቅቦን ተወሲኑ።
- መንግስቲን ውድብን ክፍላለዩ ናይ ምግባር ዕላማ ኣብ ዝብል ብሸውዓተ ድጋፍ፣ ክልተ ተቓውሞን ሓደ ድምፀ ተኣቅቦን ውሳነ ተመሓላሊፉ።
- ስምመዕ ፕሪቶርያ ተፈፃሚ ንክኸውን ምስራሕ ዝብል ሙሉእ ድጋፍ ተሳተፍቲ ረኺቡ ተወሲኑ።
- ግዝያዊ መንግስቲ ኣብ ዝሰርሖም ስራሕቲ መፍትሒ ሓሳብ ከቕርብ፣ ክቆፃፀርን ክውሰንን ዝብል ድማ ብሸውዓተ ድጋፍን ብሰለስተ ተቓውሞን ብኣብዝሓ ድምፂ ፀዲቑ።

ብሓፈሻ ልዕል ኢሎም ዝተገለፁ 7ተ ነጥብታት ዕላማ እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ንክኾኑ እቲ ኮሚቴ ወሲኑ ኣሎ።

2. ስያመ ብዝምልከት

ስያመ ብዝምልከት ካብ ውድባት ፖለቲካ፣ ማሕበራትን ካልኦት ሓሳቦም ዝሃቡ ኣካላትን ኣርባዕተ ኣማራፂ ስያመታት ዝቐረቡ እንትኾኑ ንሳቶም ድማ፡-

- ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ትግራይ
- ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ
- ኣማኻሪ ካውንስል ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ
- ስግግር ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝብሉ እዮም።

ኣብተን ዝቐረባ ኣማራፂታት ስያመ ሰፊሕ ሪኢቶን ሓሳብን ብተሳተፍቲ ምስተውሃበ ኣብተን ናይ መጀመርታ ሰለስተ ኣማራፂታት ድምፂ ክውሃብ ኣብ ምርድዳእ ተበፂሑ። ብመሰረት እዚ ድማ፡-

- ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ትግራይ- 6ተ (ሽዱሽተ) ድጋፍ
- ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ- 2ተ (ክልተተ) ድጋፍ
- ኣማኻሪ ካውንስል ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ - 2ተ (ክልተተ) ድጋፍ ብምርካብ ዕልባት ተዋሂብዎ።

3. ተፀዋዕነት ብዝምልከት

ብሓፈሻ እንትርኣ እቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ብመሰረት ውዕሊ ፕሪቶርያን ኣገባብ ዘለዎም ሕግታትን ምስ ፌዴራል መንግስቲ ክህልዎ ዝግባእ ርክብ ኣብ ግምት ብምእታው ተፀዋዕነት እቲ ቤት ምኽሪ ብዝምልከት ሓሳብን

ርኢቶን ተዘወሃብ ዝብል ሓሳብ ቀሪቡ እዩ። ተሳተፍቲ ዘቕረብዎ ሓሳብን ርኢቶን ብዝርዝር እንትግለፅ ከም ዝስዕብ ይመስል።

*ኣይተ ሓዱሽ (ካቢኔ)፦* እተን ውድባትን ማሕበራትን ተፀዋዕነት እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ብዝምልከት ኣብቲ ዘቕረብኦ ሰነዳት ዝበለኦ ከም ዘለዎ ኮይኑ ንፕረዝደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዝብል ተዝውሰኽ ዝብል ሓሳብ ሂቦም። እዚ ማለት ድማ ተፀዋዕነት እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ንሕጊ፣ ንሕልናኦም፣ ንህዝቢን ንፕረዝደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይን ክኸውን ዝብል እዩ።

*ዶ/ር ገ.መድህን (ዉናት)፦* ተፀዋዕነት ብዝምልከት ዓብዩ ጥንቃቐ የድሊ። ሐዚ ነልዕሎ ዘለና ምስ ሕጊ ጥራሕ ዘይኮነስ ጎንፂ ከይፍጠር ጥንቃቐ እናገበርና እውን እዩ። ህዝቢ ትግራይ ይወከል እናበልና መሊስና ተፀዋዕነቱ ንፕረዝደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ይኹን እንተይልና ንፌዴራል መንግስቲ ይኹን እናበልና እዩ። እዚ እንተገይርና ሓውሲ ልኡኽቶ መንግስቲ ፌዴራል ኢና ነሳልጥ ዘለና። ስለዚ ተፀዋዕነት እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ንሕልናኦም፣ ንህዝቢን ንዘውፅኦም መምርሒታትን ይኹን።

*ዶ/ር ይከኣሉ (ACSOT)፦* ዝርብሸና ዘሎ እቲ ድሕሪ ፕሪቶርያ ዘሎ ኩነታት ስለዝኾነ ተፀዋዕነት እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ንሕልናኦም፣ ንህዝቢን ንፕረዝደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይን ይኹን።

*ኣይተ የማን (ሳውት)፦* ኣብዚ ሓደ ነገር ግልፂ ክኸውን ዝግባእ ኮይኑ ንሱ ድማ ኣብ ስሩዕ ኩነታት ብመሰረት ሕገ-መንግስቲ ዝጣየሽ ግዝያዊ ምምሕዳርን እቲ ብመሰረት ውዕሊ ፕሪቶርያ ኣቢሉ ኣብ ትግራይ ክጣየሽ ዘለዎ ግዝያዊ ምምሕዳርን ዘሎ ኣፈላላይ እዩ። እቲ ብስሩዕ ሕገ-መንግስታዊ መስርሕ ዝጣየሽ ግዝያዊ ምምሕዳር ብመሰረት ዓንቀፅ 62 ሕገ-መንግስቲ ፌዴሪኢን ነዚ ከፈፅም ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 359/1995 ኣቢሉ ብብሕታዊ ውሳነ (Unilateral Decision) መንግስቲ ፌዴራል ዝጣየሽ ኮይኑ ከምቲ ብ2013 ኣ.ግ ብዶ/ር ሙሉ ነጋ ዝምራሕ ዝነበረ ምምሕዳር እዩ። ሐዚ ኣብ ትግራይ ዝጣየሽ ግና ካብዚ ብዝተፈለየ ሕገ-መንግስዊ ሰገር (Extra-constitutional Element) ባህሪ ዘለዎን ካብቲ ንቡር/ስሩዕ ሕገ-መንግስታዊ መስርሕ ብተወሳኺ ዓንቀፅ 10 ውዕሊ ፕሪቶርያ መሰረት ገይሩ ዝጣየሽ እዩ። እዚ ማለት ድማ ከምቲ ስሩዕ ሕገ-መንግስቲ ብበይናዊ ውሳነ መንግስቲ ፌዴራል ጥራሕ ዝጣየሽ ዘይኮነስ ዓንቀፅ 10 ውዕሊ ፕሪቶርያ ከም ዝደንገገ ብወገን ትግራይ ምስ ዘሎ ሓይሊ ብዝግበር ፖለቲካዊ ልዝብ (Political Dialogue) ኣቢሉ ዝጣየሽ እዩ። ካብዚ ወፃእ ስዒቦም ዝወፁ ከም ደምቢ ቁፅሪ 533/2015 (ደምቢ ምጥያሽ ግዝያዊ ምምሕዳር) ዝበሉ ሕግታት እቲ ሕገ-መንግስቲ ፌዴሪኢን ኣዋጅ ቁፅሪ 359/1995 ምስ ዓንቀፅ10 ውዕሊ ፕሪቶርያ ተጣሚሮም እንትትረጎሙ ዝህብዎ ትርጉም ነቲ ውዕሊ ፕሪቶርያ ዝፃባእ እንተኾይኑ ክንቕበሎም የብልናን። ስለዚ እቲ ዝጣየሽ ዘሎ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ብኣውርኡ ፖለቲካዊን ሞራላዊን መሰረት ዘለዎ ስለዝኾነ ተፀዋዕነቱ ብዝምልከት ብመሰረት ሕግታት መንግስቲ ፌዴራል ዘይኮነስ መፖለቲካዊን መልክዕ ሒዙ ንሕልና፣ ንሕጊን ንህዝቢ ትግራይን ዝብል ክኸውን ይግባእ።

***ኣይተ ኣብርሃም (ኣክሱማይ ዋዕላ)፦*** እታ ፕረዝደንት ጌታቸው ዝበላ Majic Formula ትመፅእ ዘላ ትመስል። ከምታ የማነ ዝበላ እታ Extra-constitutional Element ተጠቒምና ተፀዋዕነት እቲ ቤት ምኽሪ ንሕልና፣ ንሕጊን ንህዝቢ ትግራይን ክኸውን ይግባእ።

***ኣይተ ኪዳን (ባይቶና)፦*** ብስሩ ጌታቸው፣ ጀ/ፃድቃን ዝበልዎ እናበልና ከም ኣብነት እናወሰድና ክንሰርሕን ክንውስንን ኣይግባእን። ኣብ ውዕሊ ፕሪቶርያ፣ ቅድሚኡን ድሕሪኡን ዘጥፋእናዮ ነገር መሊሱ ንዓና ክጎተና፣ ክንስዕብንን ክነሰላስልን የብልናን። ስለዚ መሰረትና ውዕሊ ፕሪቶርያ ገይርና ነቲ ዘጥፍእዎ እውን ክንእርም እዩ ዝግባእ። እቲ ጉዳይ ብዙሕ ዋጋ ዝተኸፈሎ ኮይኑ እናሃለወ ኣቃሊልና ክንርእዮ ኣይግባእን።

***ኣይተ የማነ (ሳወት)፦*** ቅድም ክብል ዝበልኽዎ ተወሳኺ ንምሃብ እቲ ውዕሊ ፕሪቶርያ ከም ሓደ መግለፂ ውደቀትና እዩ ኢልና ንኣምን። ኣብዚ ውዕሊ ዝተፈፀመ ስሕተት ከይኣክል እቲ ግዝያዊ ምምሕዳር እንትጣየሽ እንትወሓደ ብመሰረት ውዕሊ ፕሪቶርያ ኣቢሉኳ ፖለቲካዊ ልዝብ (Political Dialogue) ተገይሩ ክይጣየሽ መራሕቲ ህወሓት እዚ ከይገበሩ ንመንግስቲ ፌዴራል ድላይካ ግበር፤ ግን ኣነ ይሐሸካ ኣነባ እናተብሃሃሉ እቲ ከይዲ ምጥያሽ ካብቲ ስምምዕ ፕሪቶርያ ወፃእ ብብሕታዊ ወሳንነት መንግስቲ ፌዴራል ክጣየሽ ፈቒዶም። ከም ውፅኢት ድማ ውዕሊ ፕሪቶርያ ቀርዮ ብስሩዕ ሕገ-መንግስታዊ መሰርሕ መሰረት ብኣዋጅ ቁፅሪ 359/1995 ኣቢሉ ደምቢ ቁፅሪ 533/2015 ወፂኡ። እዚ ካልእ ዓብዩ ጥፍኣት እዩ። ስለዚ ኣንሕና መሰረት ክንገብር ዘለና እቲ ደምቢ 533/2015 ምስ ውዕሊ ፕሪቶርያ ክሳብ ዘይተፃበአ ክንወስዶ እምበር ደሓር መሊሶም ዘጥፍእዎ ጥፍኣት ክንድግፍ (Endorse ክንገብር) ኣይኾንናን ተኣኪብና ዘለና። እካደኣስ ንሱ ንክስተኻኸልን ካልእ ከይፍፀምን ኢና ክንቃለስ ዘለና። ስለዚ ኣብ ውዕሊ ፕሪቶርያ ዝህልወና ረብሓ ዝፃብኡ ኣዋጅ 359/1995 ከምኡ እውን ደምቢ ቁፅሪ 533/2015 ብዘይኣገባብ ክንንትርኦም ኣይግባእን።

***ኣይተ ትኩእ (ህወሓት)፦*** እቲ ዋና ውድቀት ፖለቲካዊ ልዝብ (Political Dialogue) ብመሰረት ውዕሊ ፕሪቶርያ ዘይምክያዱ እዩ። ስለዚ መቃሊሲና ውዕሊ ፕሪቶርያ ክኸውን ይግባእ። ብሽም ከይባኣሱና እናበልና ረብሓታትና (ቃልስና) ክንዓግት ኣይግባእን። ብሓፈሻ ሓደ ግዝ ኮይኑ እዩ እናበልና እውን ኣይንዕፀም። ብተመሳሳሊ ኩሉ ዝተገበረ ምንፃግ እውን ግቡእ ኣይኮነን። ስለዚ ኩሉ ንርኣዮ፤ ንካተዐሉ ንምባል እዩ።

***ኣይተ ዓምዶም (ዓረና)፦*** እንታይ እዩ ዝሕድሸኩም ዘሎ? ካብ ንዋረድ እኮ ፀኒሕና ኢና። ኣብ ታሪኽ ተራእዩ ዘይፈልጥ ውርደት እኮ በፂሑና እዩ። ንሕና ( ድሕሪ ፕሪቶርያ) ስግግር መንግስቲ ይጣየሽ ኢልና ነይርና ኢና ኣብዮም እምበር። ተዘቕበሉ ናብዚ ኣይምወደቕናን። ስለዚ ውዕሊ ፕሪቶርያ ተጎዚጉዝና እቲ ዘለና ዕድል ንጠቐመሉ። በዚ መሰረት ድማ ተፀዋዕነት እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ንሕልና፣ ንሕጊን ንፕረዝደንትን ክኸውን ንግበር።

***ኣይተ ዶሪ (ዓሲምባ)፦*** ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ክረጋገፅን ከምኡ ብምግባር ድማ ግዝያዊ ምምሕዳር ክጠናኸርን እንትኾይኑ ተፀዋዕነት እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ንሕልና፣ ንሕጊን ንህዝበን ክኸውን ይግባእ።

ልዕል ክብል ዝተገለፁ ሓሳባትን ክትዓትን ስዒቡ ተፀዋዕነት ብዝምልከት ዝቐረቡ ኣማራፂታት ኣብ ክልተ ክኾኑ ምስ ተነፀሩ ብድምፂ ንክውሰን ድማ ምርድዳእ ተበፂሑ። ብመሰረት እዚ ድማ

- ተፀዋዕነቱ ንሕጊ፣ ንሕልናን ንህዝቢን ይኹን ዝብል- 7ተ (ሸውዓተ) ድጋፍ።
- ተፀዋዕነቱ ንሕጊ፣ ንሕልና፣ ንህዝቢን ንፕረዝደንት ግዝየዊ ምምሕዳርን ይኹን ዝብል, 2ተ (ክልተ) ድጋፍ
- ድምፀ ተኣቅቦ- 1 (ሓደ) ኮይኑ ተኸምቢቱ።

4. **ተዋፅኦ** (Composition) **እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ብዝምልከት**

ተዋፅኦ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ከመይ ክኸውን ይግባእ ኣብ ዝብል ዛዕባ ተሳተፍቲ (ኣባላት እቲ ኮሚቴ) ብኣውርኡ ኣርባዕተ ነጥብታት መሰረት ብምግባር ሓሳብን ርኢቶን ክወሃብ ምርድዳእ ተበፂሑ። ንሳቶም ድማ፦

- ተሳተፍቲ/ተዋሳእቲ (Actors) እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪሪ እንመን ክኾኑ ይግባእ?
- ስርዓትን መትከልን ውክልና እንታይ ክኸውን ይግባእ?
- በዝሒ (ቁፅሪ) ኣባላት እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ክንደይ ይኹን?
- ብፆሒትን/ኮታን ኣወካክላን እቶም ተሳተፍቲ/ተዋሳእቲ ዝኾኑ ኣካላት ከመይ ክኸውን ይግባእ ዝብሉ እዮም።

ብመሰረት እዚ ምርድዳእ ኣብ ሰለስቲኦን ነጥብታት ብቀደም ሰዓብ ሓሳብ፣ ርኢቶን ክትዕን ዝተገበረ እንትኸውን ከም ዝስዕብ ድማ ይመስል ነይሩ።

*4.1. ተሳተፍቲ/ተዋሳእቲ (Actors) እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪሪ እንመን ክኾኑ ይግባእ ንዝብል*

ኣብዚ ብኣባላት ኮሚቴ (ተሳተፍቲ) ኣብቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ክውከሉ/ክሳተፉ ይግባእ ዝተብሃሉ ዝተፈላለዩ ኣካላት ዝተፀርሑ እንትኸውን ንሳቶም ድማ ውድባት ፖለቲካ፣ ማሕበራት፣ ህዝቢ፣ ሰራዊት (TDF)፣ ብሄረሰባት፣ ዳያስፖራ ትግራይ፣ ተፈናቐልቲ፣ ካብ ትግራይ ወፃኢ (ኣብ ኢትዮጵያ) ዘለዉ ተጋሩን ቤት ምኽሪ ሃይማኖታት ትግራይን (Inter-Religious Council) እዮም። ኣብዚ ክውከሉ ኣለዎም፤ የብሎምን ኣብ ዝብል ሓሳብን ክትዕን ድሕሪ ምቕራቡ ተሳተፍቲ እቲ ውሳነ ብድምፂ ክውሰን ብዝተበፅሐ ሓበራዊ ምርድዳእ ከም ዝስዕብ ድምፂ ተዋሂቡ።

- ውክልና ውድባት ፖለቲካ- ሙሉእ ድጋፍ (10 ድምፂ)፤
- ውክልና ማሕበራት- ሙሉእ ድጋፍ (10 ድምፂ)፤
- ውክልና ህዝቢ- ኣብዚ ሰፊሕ ክትዕ ዝተገበረሉ ኮይኑ እቲ መሰረታዊ ናይ ኣፈላላይ ነጥቢ ድማ ህዝቢ ዓርሱ ክኢሉ ብቀጥታ ይከልዶ ወይስ በተን ካልኦት ክውከላ ዝተብሃላ (ውድባት፣ ማሕበራት፣ ሰራዊት፣ወዘተ) ኣቢሉ ስለዝተወከለ ዓርሱ ክኢሉ ምውካል ኣየድልን ዝብል እዩ። ኣብዚ ምስ ግዜ፣

ክውንነት፣ ፍሉይ ባህሪ እቲ ኩነታት፣ ወዘተ ዝተተሓሓዙ ሓሳባት መሰረት ብምግባር ሓሳብን ክትዕን ዝተገበረ እንትኸውን ኣብ መወዳእታ ናብ ድምፂ ተኸይዱ እዩ። በዚ መሰረት ድማ

- ህዝቢ ዓርሱ ክኢሉ ብቀጥታ ይወከል ዝብል- 6ተ (ሽዱሽተ) ድጋፍ
- ህዝቢ በተን ካልኦት ተሳተፍቲ ኣካላት (ማሕበራት፣ ውድባት፣ ሰራዊት፣ ወዘተ) ኣቢሉ ይወከል ዝብል ድማ- 4ተ (ኣርባዕተ) ድጋፍ ብምርካብ ዕልባት ተዋሂብዎ።

➢ ውክልና ሰራዊት (TDF)፡- ሙሉእ ድጋፍ (10 ድምፂ)

➢ ውክልና ብሄረሰባት (ኢሮብን ኩናማን)- ሙሉእ ድጋፍ (10 ድምፂ)

➢ ውክልና ዳያስፖራ ትግራይ፡- ክውከሉ የብሎምን ዝብል 6ተ (ሽዱሽተ) ድጋፍ ክውከሉ ኣለዎም ዝብል ድማ 4ተ (ኣርባዕተ) ድጋፍ ድምፂ ረኺቦም።

➢ ውክልና ተፈናቐልቲ፡- ክውከሉ የብሎምን ዝብል 4ተ (ኣርባዕተተ) ድጋፍ ክውከሉ ኣለዎም ዝብል ድማ 6ተ (ሽዱሽተ) ድጋፍ ድምፂ ረኺቦም።

➢ ውክልና ካብ ትግራይ ወፃኢ (ኣብ ኢትዮጵያ) ዘለዉ ተጋሩ፡- ክውከሉ የብሎምን ዝብል 8ተ (ሸሞንተ)፣ ክውከሉ ኣለዎም ዝብል 0 (ባዶ)፣ 2ተ (ክልተ) ድማ ድምፀ-ተኣቕቦ ሂቦም።

➢ ውክልና ኣብያተ ምኽሪ ሃይማኖታት ትግራይን (Inter-Religious Council) ብዝምልከት ክውከሉ የብሎምን ዝብል 9ተ (ትሽዓተ ድምፂ) ኣለዎም ዝብል ድማ 1 (ሓደ) ድጋፍ ብምርካብ ዕልባት ተዋሂብዎ።

### *4.2. ዓንዲ ሰርዓትን መትከልን ውክልና እንታይ ክኸውን ይግባእ ዝብል*

ኣብዚ ሓደ ዓንዲ መትከል ውክልና ክኸውን ኣለዎ ዝተብሃለ ሚዛናዊ ውክልና ክህልውን ዝኾነ ውዳበ ድርብ/ድርብርብ ውክልና (Double/Multiple Representation) ብዘወግድ ኣከያይዳ ክኸውን ዝብል ኮይኑ ብመሰረት እዚ ድማ ካብ ውድባት ፖለቲካ ወፃእ ንዝኾነ ኣካል ወኪሉ ኣብቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ዝሳተፍ ሰብ ኣባል ናይ ዝኾነ ውድብ ፖለቲካ ክኸውን የብሉን ዝብል ርኢቶ ብኣብዝሓ ተሳተፍቲ ቀሪቡ። እዚ ሓሳብ ድማ ብ9ተ (ትሽዓተ) ድጋፍን ሓደ ተቓውሞን ዕልባት ረኺቡ።

## 5. በዝሒ (ቁፅሪ) ኣባላት እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ክንደይ ይኹን

ኣብዚ ጠቕላላ በዝሒ ኣባላት (ወንበር) እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ብዝምልከት ብተሳተፍቲ ዝተፈላለዩ ኣማራፂታት ዝቐረቡ ኮይናም ኣብ መዋዳእታ ግና 151 (ሓደ ሚእቲን ሓምሳን ሓደን) ይኹን፤ ኣይኮነን 101 (ሓደ ሚእቲን ሓደን ይኹን ናብ ዝብል ፀቢቡ ኣብ ክልቲኡ ድማ ናብ ድምፂ ምሃብ ተኣትዩ። ብመሰረት ዝተውሃበ ድምፂ 151 ይኹን ዝብል ብ 4ተ (ኣርባተ) ድጋፍ 101 ይሑን ዝብል ድማ ብ6ተ (ሽዱሽተ) ድጋፍ ዕልባት ተዋሂቡዎ።

### *5.1. ብፆሒት/ኮታን ኣወካክላን እቶም ተሳተፍቲ/ተዋሳእቲ (Actors) ዝኾኑ ኣካላት ከመይ ክኸውን ይግባእ ዝብል*

ኣብዚ ጭብጢ ካብቲ ጠቕላላ በዝሒ ኣባላት (101 ወንበር) ብጺሒት/ኮታን (ብሚእታዊ) ኣወካክልን እቶም ክውክሉ/ክሳተፉ ዘለዎም ኣካላት ከመይ ይኹን ዝብል ሓሳብ ዘተን ክትዕን ዝተገበረሉ ኮይኑ እቲ ውሳነ ድማ ከም ዝስዕብ ይመስል።

*ሀ. ብጺሒት/ኮታ ውክልና ውድባት ፖለቲካ ብዝምልከት*

ኣብዚ ሰለስተ ኣማራፂታት ቀሪቦም ድምፂ ዝተውሃበ እንትኾውን ከም ዝስዕብ ድማ ይመስል።

- 60% ንውድባት ፖለቲካ (ንኩለን ብማዕረ ዝሸንሸን)፤ 40% ድማ ንካልኦት ተሳተፍቲ ኣካላት ዝብል- 1 (ሓደ) ናይ ድጋፍ ድምፂ፤
- 40% ንውድባት ፖለቲካ (ንኩለን ብማዕረ ዝሸንሸን)፤ 60% ድማ ንካልኦት ተሳተፍቲ ኣካላት ዝብል- 2ተ (ክልተ) ናይ ድጋፍ ድምፂ፣
- 70% ንውድባት ፖለቲካ (ንኩለን ብማዕረ ዝሸንሸን)፤ 30% ድማ ንካልኦት ተሳተፍቲ ኣካላት ዝብል- 6ተ (ሽዱሽተ) ናይ ድጋፍ ድምፂን፣
- 1 (ሓደ) ድማ ድምፀ-ተኣቅቦ ኮይኑ ውሳነ ተዋሂቡ።

*ለ. ኣወካክላ ማሕበራት ብዝምልከት*

ኣብዚ ልዕል ክብል መትከል ውክልና ሓደ ኣካል ድርብ ውክልና (Double Representation) ክህልዎ ብዘይኽእለሉ መስርሕ ክኸውን ይግባእ ተባሂሉ ብዝተወሰነ መሰረት ካብ ዝኾነ ማሕበር ተወኪሉ ኣብቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ክሳተፍ ዝኽእል ሰብ ናይ ዝኾነ ውድብ ፖለቲካ ኣባል ክኸውን የብሉን ዝብል ብ9ተ (ትሽዓተ) ድጋፍን ሓደ ተቓውሞን ተወሲኑ። ብምቕፃል እተን ማሕበራት ከመይ ይከላ፣ ኣወካክለአን ከ መን ይስራሓዮ ዝብል ነጥቢ ነይሩ። ዝቐረቡ ሓሳባት ሰዒቡ ACSOT ናይ ባዕሉ ኣባላት ዝኾናን ዘይኾናን ማሕበራት ሓዊሱ ዝውክላሉን ዝውክልወን ሰባት ዘማርፀሉን ከይዲ ብመሰረት ኣብዚ ኣኼባ ዝተውሃበ መትከልን ስርዓትን ውክልና ኣቢሉ ከተሓባብርን ብሙሉእ ድጋፍ (10 ድምፂ) ሓላፍነት ተዋሂብዎ።

*ሐ. ኣወካክላ ህዝቢ ብዝምልከት*

ልዕል ክብል ህዝቢ ዓርሱ ክኢሉ ብቀጥታ ይወሰን ዝብል ብኣብዝሓ ድምፂ ተወሲኑ እዩ። ሰዒቡ ድማ እዚ ከይዲ ኣወካክላ ከመይ ክኸውን ይግባእ ዝብል ሓሳብ ዝቐረቡ እንትኾውን ክልተ ኣማራፂታት ቀሪቦም እዮም።

1. ብብርኪ ጣብያ ህዝቢ ተኣኪቡ ሓደ ተወካሊኡ ይመርፅ፤ ካብ ጣብያ ዝተወከሉ ድማ ኣብ ወረደኦም ብብርኪ ዞባ ዝውክሎም ሓደ ሰብ ይመርፁ፤ ናብ ዞባ ዝተመረፁ ድማ ንዞቦኦም ወኪሉ ኣብቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ

ዝውክሎም ሓደ ሰብ ይመርፁ ዝብል ኮይኑ ኩሎም ዝቶም ዝውክሉ ግና ናይ ዝኾነ ፖለቲካዊ ውድብ ኣባላት ክኾኑ የብሎም ን ዝብል፤

2. ካብ ነባር ኣባላት ቤት ምኽሪ ብዝሕረዩ ሰባት ይውከል ዝብል እዩ።

እተን ኣማራፂታት ልዕል ክብል ከም ዝተገለፀ ኮይኑ ኣብ ክልቴአን ዝተውሃበ ድምፂ እንትርአ ድማ ኣማራፂ 1 7ተ (ሸውዓተ) ድጋፍ፣ ኣማራፂ 2ተ (ክልተ) ድጋፍን ሓደ ድማ ድምጸ-ተኣቅቦን ኮይኑ እቲ ውሳነ ተዛዚሙ።

## 6. ተግባርን ሓላፍነትን ብዝምልከት

ኣብዚ ሰፊሕ ሓሳባትን ርኢቶን ዝቐረቡ ኮይኖም ኣብ መወዳእታ ግና ተግባርን ሓላፍነትን እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ እንታይ ክኸውን ኣለዎ ኣብ ዝብል ዝቐረቡ መማረፂታት ኣብ ክልተ ክጠቓለሉ ዝብል ሓበራዊ ምርድዳእ ዝተበፅሐሉ ኮይኑ ንሳቶም ድማ፡-

- መፍትሒ፣ ምኽረ-ሓሳባትን ርኢቴን ሓዊሱ ናይ ኣማኻሪነት ሓላፍነት ዘለዎ ንክኸውን ዝብል፤
- ዝውሰንን ዝቆፃፀርን ትካል ኮይኑ ክከም ኣግባብነቱ ናይቲ ዝነበረ ቤት ምኽሪ ተግባርን ሓላፍነትን ተኪኡ ዝሰርሕ ትካል ኮይኑ ክጣየሽ ዝብሉ እዮም።

ልዕል ክብል ኣብ ዝቐረቡ ክልተ ኣማራፂታት ድምፂ ክወሃብን እቶም ዝርዝር ተግባርን ሓላፍነትን ድማ ብመሰረት እቲ ኣብዝሓ ድጋፍ ዝረኸበ ኣማራፂ እናተርኣዩ ክኸዱ ዝኝእሉ ቴክኒካል ናይ ሕጊ ኣወፃጽኣ (Legislative Drafting) ጉዳይ ይኸውን ብዝብል ሓበራዊ ምርድዳእ ድሕሪ ምብፃሕ ኣብ ክልቴኦም ኣማራፂታት ድምፂ ናብ ምሃብ ተኣትዩ። ብመሰረት እዚ ድማ፡ ኣማራፂ ሓደ 3ተ (ሰለስተ) ድጋፍ ኣማራፂ 2 ድማ 6ተ (ሽዱሽተ) ድጋፍ ብምርካብ ውሳነ ተዋሂቡ።

## 7. እቲ ምጥያሽ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ኣብ መወዳእታ ከመይን ብመንን ይውሰንን ይፀድቕን ዝብል

ኣብዚ ፈለማ እቲ ሰነድ መሊኡ ዝፀረየን ዝደንፈዐን ምስ ኮነን፤ ውድባትን ማሕበራትን ድማ ምስ ዝምልከቶም ናይ ባዕለን ኣካላት መኺረን ምስ ወደኣ ክውሰን ዘለዎ እዩ ብዝብል ሓበራዊ ምርድዳእ ንቐፃሊ ተመሓላሊፉ።

ዕለት፡ 24/05/2016

ቃለ-ጉባኤ... ዝቐፀለ

**አጀንዳታት ኣኼባ**

1. ብዕለት 16/05/2016 ኣ/ግ እቲ ኮሚቴ ዘሳለጦ ኣኼባ ኣመልኪቱ ተፃሒፉን ቅድሚ ናይ ሎሚ ዕለት ኣኼባ ናብ ኩሉ ኣባል እቲ ኮሚቴ ክበፅሕ ዝተገበረ ቃለ-ጉባኤ ምፅዳቕ።
2. ብመሰረት ስምምዕ ዝተበፅሐሉ ኣካይዳ ኣብቲ ጥሙር ሰነድ ዝቐረቡን ኣብ ናይ ዝሓለፈ ኣኼባ እቲ ኮሚቴ ዘይተወደኡን ነጥብታት (ሓሳባት) ቀፃሊ ዘተ፣ ምይይጥን ውሳነን ምሃብ።

**ኣብ ኣኼባ ዝተረኸቡ ተሳተፍቲ**

1. ኣይተ ሩፋኤል ሽፋረ (ካብ ቤት ፅሕፈት ፕረዝደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ)
2. ኣይተ ሓዱሽ ተስፋ (ካብ ካቢኔ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ)
3. ኣይተ ትኩእ (ካብ ውድብ ህወሓት)
4. ኣይተ የማነ ካሳ (ካብ ውድብ ሳወት)
5. ኣይተ ኪዳነ ኣመነ (ካብ ውድብ ባይቶና)
6. ኣይተ ኣብርሃም ገ/ወልድ (ካብ ውድብ ኣክሱማይ ዋዕላ)
7. ኣይተ ዶሪ ኣስገዶም ((ካብ ውድብ ዓሲምባ)
8. ኣይተ ዓምዶም ገብረስላሰ (ካብ ውድብ ዓረና ትግራይ)
9. ዶ/ር ገ/መድህን ሮምሃይ (ካብ ውድብ ዉናት)
10. ዶ/ር ደከኣሎ ወሉ (ካብ ACSOT)

**ዝርዝር ትሕዝቶ ምይይጥ፣ ዘተን ውሳነታትን እቲ ኮሚቴ**

ኣብዚ ኣብቶም ቅድም ክብል ኣብቲ ሰነድ ዝቐረቡ ሓሳባት ከም ዘሎ ኮይኑ እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ዘሳለጦም ኣኼባታት፣ ዘመሓላልፎም ውሳነታትን መግለፂታትን ሽፋን ቀጥታዊ ፈነወ ብዛዕባ ዝረኽበሉ ዕድል ከም ኣጀንዳ ክንመያየጠሉ ዝብል ብኣይተ የማነ ካሳ ቀሪቡ ሓበራዊ ምርድዳእ ተበፂሑሉ እዩ።

1. **ምፅዳቕ ቃለ-ጉባኤ ዝሓለፈ ኣኼባ**

ብሰሩዕ ተፃሒፉ ናብ ኣባላት እቲ ኮሚቴ ዝቐረበ ቃለ-ጉባዔ ዝሓለፈ ኣኼባ ብዘይተቓውሞ ብሓበራዊ ምርድዳእ ፀዲቑ።

2. ካብ ውድባት ፖለቲካ ወፃእ ኣብቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ዝሳተፉ ኣካላት ሕድሕድ ብፂሒቶምን ብከመይ መስርሕ ይወከሉን ኣብ ዝብል

ከም ዝፍለጥ ኣብ ዝሓለፈ ኣኼባ እቲ ኮሚቴ ካብ ውድባት ፖለቲካ ወፃእ ኣብቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ 30% ኮታ ሒዞም ንክሳተፉ ዝወሰነ ኮይኑ ንሳቶም ድማ ሰራዊት ትግራይ፣ ተፈናቐልቲ/ተመዛበልቲን ብሄረሰባትን እዮም። ኣብ ሎሚ ኣኼባ እዞም ኣካላት ከመይ ይወከሉ፣ ካብቲ 30% ኮታ ሕድሕዶም ክንደይ ብፅሒት ይሃልዎም ዝብል ሰፊሕ ምይይጥን ተገይርሉ እዩ። ከም ዝስዕብ ድማ ይመስል።

2.1.መስርሕ ኣወካክላ ብዝምልከት

ኣብ ዝሓለፈ ኣኼባ ኣወካክላ ማሕበራትን ህዝቢን ብዝምልከት ካብ ውድባት ወፃእ ዝኾነ ዝውከለሉ መስርሕ ድርብ ውክልና (double/multiple representation) ከይህሉ ብዝገብር መንገዲ ንክኸውንን እዚ ድማ ኣብ ኩሎም ኣወካክላታት ተፈፃሚ ክኸውን ዝግባእ መትከል/ዓምዲ ከም ዝኾነ ተወሲኑ እዩ። እዚ መሰረት ብምግባር ድማ ኣወካክላ ሰራዊት፣ ተፈናቐልቲን ብሄረሰባትን እውን ብተመሳሳሊ መስርሕ ክኸውን ይግባእ ዝብል ብኣብዝሓ ድምፂ ድጋፍን (ትሽዓተ ድምፂ) ብሓደ ተቓውሞን ውሳነ ተዋሂቡዎ። እዚ ውሳነ ስዒቡ ኣወካክላ ሰለስቲኦም ዝሳተፉ ኣካላት ብዝምልከት ከም ዝስዕብ ሓሳባት ቀሪቦም።

*ሀ. ኣወካክላ ሰራዊት ብዝምልከት*

ኣይተ ሓዱሽ፦ መስርሕ ኣወካክላ ሰራዊት ከመይ ይኹን ኣብ ዝብል ዝቐርቡ መማረፂታት ብኽልተ ከፊልካ ዝርኣዩ እዮም። እቲ ሓደ ብመሰረት እቲ ወተሃደራዊ ቅርፂ (Structure) ልክዕ ኣብ ዝሓለፈ ኣኼባ ከምታ ኣወካክላ ህዝቢ ዝተወሰነት ክኸውን ዝብል እዩ። እዚ ኣማራፂ stratified (ክፍልፋል) ዝኾነን ኣዘዝቲ ናይ ባዕሎም ወኪል ዝመርፅሉ፤ ተራ ኣባላ ሰራዊት ድማ ብተመሳሳሊ ናይ ባዕሎም ወኪል ዝመርፅሉ መስርሕ እዩ። እቲ ካልኣይ ልክዕ ውድባት ፖለቲካ ንመን ይወክላ ዝብል ኣብ ምውሳን ኢድ ከምዘየእትናለን ኩሉ ሰራዊት እውን ይወከል ዝብል ጣልቃ ተዘይንኣቱ ዝብል እዩ።

ኣይተ ዶራ፦ ሰራዊት ዝምልከት ከመይ ይወከል ዝብል ባዕሉ ተዘውሰንን ንባዕሎም ተንገድፈሎምን እብል።

ኣይተ ኣብርሃም፦ ካብ ሰራዊት ብውልቀ ዝቐረበ ስግኣት እንተዘይሃልዩ ሰራዊት ናይ ባዕሉ ኣሰራርሓ ስለዘለዎ በታ ዶሪ ዝበላ መሰረት ተንኽይድ እብል።

ኣይተ ዓምዶም፦ ሰራዊት ብዝምልከት ብጥንቃቐን ጥልቀትን ክንርእዮ ይግባእ። ካብቲ ሰራዊት እቲ ላዕለዋይ Elite (ኣመራርሓ) ጥራሕ ይወከል ወይ ድማ ንሶም (እቲ Elite) ክውሰና ንግደፎ ዝብል ሓሳብ ቅቡል ኣይኮነን። ነቶም ትማሊ ሰልፊ ዝወፁ ውጉኣት ተጋደልቲና እንታይ ኢና ንብሎም ዘለና? ብሰሩ እቲ ናይ ላዕለዋይ ትእዛዝ (Superior Order) ዝበሃል ወተሃደራዊ ኣሰራርሓ ከም ኣሰራርሓ ወሲድና እቲ ኣመራርሓ ዝገበር ይግበር ዝብል

ሓሳብ ቅቡልነት ክህልዎ ኣይግባእን። እቲ ተራ ተጋዳላይ ፀገሙን ሕቶታቱን ብሰልፊ ንመን ድዩ ዝሓትት ዘሎ? ንጀነራል ታደሰ ወረደ ኣይኮኑን ድዮም ሕቶኦም ዘቕርቡ ዝነበሩ? ስለዚ ታሕተዋይ ብርኪ ሰራዊት ዝውክለሉን ኣብቲ ቤት ምኽሪ ድምፁ ዝሰመዐሉን መስርሕ ክንርኢ ይግባእ። ስለዚ ላዕለዋይ ኣመራርሓን ታሕተዋይ ብርኪ ዘለዎ ሰራዊትን ሚዛን ብዝሕሉ መንገዲ ዝውክልሉ መስርሕ ክህሉ ይግባእ።

ኣይተ የማኑ- እዚ ጉዳይ ብጥንቃቐ ክንርእዮ ዝግባእ ጉዳይ እዩ። ፈለማ እቲ ከም ኣማራፂ ዝቐረበ ልክዕ ውድባት ፖለቲካ ንመን ይወክላ ዝብል ኣብ ምውሳን ኢድ ከምዘየእተናለን ኩሉ ሰራዊት ከመይ ይወክል ኣብ ዝብል እውን ጣልቃ ተዘይንኣቱ ዝብል ጉጉይ ንፅፅር (Wrong Comparison) እዩ። ሓደ ውድብ ፖለቲካ ኣብ ውሽጡ ንምን ይወክል ዝብል ዝምልኸቶ እቲ ውድብ ጥራሕ እዩ። ኣየናይ ኣመራርሓ ይምርሓዮ ብዘየገድስ እቲ ሰራዊት ግና ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ብዘየገድስ ንኩሉ ህዝብን ውድባትን ዝምልከት እዩ። ስለዚ ድማ ከይዲ ኣወካክላ ሰራዊትን ፍትሓዉነቱን ብቀጥታ ንኹልና ዝምልከተና እዩ። ብሰሩ እቲ ናይ ላዕለዋይ ትእዛዝ (Superior Order) ዝበሃል ኣሰራርሓ ኣብ ወተሃደራዊ ዛዕባ እምበር ከም መትከል ነቲ ሰራዊት ከም ትካል ኣብ ዘይምልከቶ ፖለቲካዊ መድረኽን ሰብ ዋንኡ ድማ ውድባት ፖለቲካ ኣብ ዝኾናሉን ከም ኣሰራርሓ ምውሳድ ጌጋ እዩ። ካልኣይ ኣብ ዝሓለፈ ኣኼባና ካብ ውድባት ፖለቲካ ወፃእ ዘለዉ ከመይ ይወከሉ ኣብ ዝብል ድርብ ውክልና ብዘትርፍን ነዚ ድማ ካብዞም ኣካላት ዝውከሉ ሰባት ናይ ዝኾነ ውድብ ፖለቲካ ኣባል ክኾኑ የብሎምን ዝብል ከም መትከል ክንወስዶ ወሲንና ኢና። ምስ እዚ ተተሓሒዙ ድማ ኣወካክላ ማሕበራትን ህዝብን ከመይ ይኹን ዝብል ወሲንና ኢና። ሐዚ በዚሕና እዚ ዝወሰንናዮ መትከል ኣወካክላ ኣብ ሰራዊት ኣይሰርሕን ንብል ዘለና ንምንታይ እዩ? ውድባት ፖለቲካ ኮይንና ፖለቲካ ንዓይይ እናበልናስ፤ ብሰሩኸ ሰራዊት በዚ ልክዕ ከም ድላዩ ናብ ፖለቲካዊ መድረኽን ዛዕባን ክኣቱ ክነበረታተትዕ ምስ ሳይንስ ፖለቲካ ዝኸይድ ድዩ? እንታይ ኢና ነበረታትዕ ዘለና? ሲቪላዊ ወይስ ወተሃደራዊ መንግስቲ?

ኣይተ ኪዳኑ- ናብቲ መሰረት ዝኾነ ስምምዕ ፕሪቶርያ እንተርኢና ውክልና ብዝምልከት ኣብ ትግራይ ዘለዉ ፖለቲካዊ ሓይልታት ዝሓቑፈ ዝብል እምበር ሰራዊት ዝምልከት የለን። ኣብ ምስረታ ግዝያዊ ምምሕዳር እውን ኣመራርሓ ሰራዊት እዮም ምስ መንግስቲ ፌዴራል ሕብሕቢኢተይ ክፃወቱ ዘብለዑና። ብሰሩ እቲ ግዝያዊ ምምሕዳር መተሃደራዊ ኮይኑ እዩ። ኣብቲ ጥሪ 22/2016 ኣ/ግ ዝወፀ ናይ ህወሓት መግለፂ ውን እቲ መግለፂ ነቲ ሰራዊት ኣብ ዘተኮረ ትሕዝቶ “ውድብኩም” እዩ ዝብል። እዚ ድማ በቲ ኣመራርሓ ሰራዊት ኣይተነፀገን/ኣይተከሓደን። ስለዚ ናተይ ሕቶ እቶም ኣብ ላዕሊ ዘለዉን ናብ ኣኼባ ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ኣትዮም ክሳተፉ ዝቐነዩን ነቲ ሰራዊት ይውክሉ ድዮም? ኣነ ኣይኮኑን እየ ዝብል። እኳ ደኣስ ናይ ህወሓት ጀነራላት እየ ዝብሎም። እቲ ታሕተዋይ ሰራዊት እኮ ፀጊሙዎ ንክዕምፅ ኣብ ጫፍ እዩ ዘሎ። ኣብ ማሕበራት እንትኸውን ካብ ኣባልነት ዝኾነ ውድብ ፖለቲካ ነፃ ዝኾነ ንብል። ሰራዊት ብዝምልከትክ ንምንታይ ዘይኸውን?

ኣይተ ትኩእ- እቲ ንኸዶ ዘለና ኣወካክላ ህዝቢ መሰረት ዝገበረ ድዩ ዝብል ካብቶም ሕሉፋት ውሳነታት ምርዳእ ይከኣል። ካብ ውድባት ወፃእ ተሳትፎ ሓፋሽ ማሕበራት ፀቢብ ከም ዝኾነ እውን ካብዞም ውሳነታት ርኢና ኢና።

ብዛዕባ ሰራዊት ክነልዕል ከለና ክትግበር ዘኽእል ተንዛረብ ፅቡቕ እዩ። ሰራዊት ክንብል ከለናማ ምስ ኣመራርሓኡ እዩ። ኣመራርሓ ዘይብሉ ሰራዊት የለን። ሰራዊት ኣይወከል ክበሃል እንተኾይኑ ፈለማ እዩ ክበሃል ነይርዎ። ሐዚ ክውክል ከም ዘለዎ ኣብ ዝሓለፈ ወሲንና ኢና። ስለዚ ሐዚ ንድሕሪት ተመሊስና ናይ ኣወካክላ ረጃሒ ክንውስነሉ ኣይግባእን።

ኣይተ ኣብርሃም፦ ኣነ የማነን ኪዳነን ዘቕረብዎ ሓሳብ ደጊፈ ቅዋመይ ቀይረ ኣለኹ። ብዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ኣብ ታሕቲ ወሪድና ኣብ ታሕተወይ ብርኪ ዘለዉ ተጋደልቲ ኣሕዋትና ኣብ ከቢድ ፀገም ከም ዘለዉን ኣብቲ ሰራዊት ፀረ-ዴሞክራስያውነት ከም ዘሎን ንሰምዕ ኢና። ስለዚ እንመን ይከሉ ብዝብል ዘይኮነስ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣባል ሰራዊት እውን ብዝግባእ ተወኪሉ እየ ዝብለሉ ባይታ ንክህሉ ብዘኽእል መስርሕ ኣወካክላ ኣንፈት ክህሉ ይግባእ እብል።

ኣይተ ዓምዶም፦ ትኩእ ዝበሎ ጉጉይ እዩ። Misquote ኢኻ ትገብር ዘለኻ። ሰራዊት ኣይወከል ዝበለ የለን። ኣመራርሓ ውን ኣይወከል ዝበለ የለን። እቲ ዝቐርብ ዘሎ ሓሳብ ኣብ ታሕተዋይ ብርኪ ዘሎ ሰራዊት ድምፁ ዘሰምዐሉን ከይዕፈንን ዘኽእል መስርሕ ይሃልወና እዩ ዝበሃል ዘሎ። ድርብ ውክልና ከይህሉ ዝብል ኣብ ማሕበራት ከም ዝወሰንና ኩሉ ንሰራዊት እውን ብተመሳሳሊ ዘይንብለሉ ምኽንያት ክህሉ ኣይኽእልን። ስለዚ ካብቶም ኣብ ሕክምና ዘለዉ፣ ኣካል ጉድኣት (ውጉኣት)፣ ኣብ ንጡፍ (Active) ሓላፍነት ዘለዉን ዝኣመሰሉን ዝውክልሉ መስርሕ ክህሉ ይግባእ።

ዶ/ር ገ/መድህን፦ እቲ ሰራዊት እንታይ ከም ዝገብር ዘሎን ነቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ከመይ ገይሩ ከም ዝጨወዮን ርኢና ኢና። ንህዝቢ ከም ህዝቢ ዝጨወየ ኣመራርሓ ሰራዊት ንታሕተዋይ ኣባል ሰራዊት ኣይጨውይን ክንብል ኣይንኽእልን። ስለዚ እቲ ዋና መስርሕ ድርብርብ ውክልና ከይህሉ ምግባር እዩ።እቶም ጀነራላት ንህወሓት ከድሕኑ ዝተቓለሱን ባዕሎም እውን ዝመስከርዎ እዩ። ስለዚ ውክልና ታሕተዋይ ኣባል ሰራዊት፣ ውጉኣትን ተሓከምትን ዘረጋግፅመስርሕ ክህልወና ይግባእ።

ኣይተ ኪዳኑ፦ እቲ ነውግዖ ዘለና ብኣውርኡ ውዕሊ ፕሪቶርያ መሰረት ዝገበረ እዩ። እቲ ትኩእ ደጋጊሙ ውክልና ህዝቢ እናበለ ዘልዕሎ ዘሎ ጌጋ እዩ። ውክልና ህዝቢ ብመረፃ እዩ ዝረጋገፅ። ንሕና ንዘራረብ ዘለና ኣብ ሰሩእ ኩነታት ኮይንና ዘይኮነስ ኣብ መቓን ግዝያዊ ምምሕዳር ኮይንና እዩ። ስለዚ እዚ ተዘይደጋገም ፅቡቕ እዩ እብል።

ኣይተ ሓዱሽ፦ እቲ ዘለናሉ ወድዓዊ ሓቂ እውን ንርኣይ። ድሕሪ ስምምዕ ፕሪቶርያ እውን ከም ግዝያዊ ምምሕዳር ዝተጣየሸሉ ደንቢ ቀፅሪ 533/2015 ሓዊሱ ካብ ፕሪቶርያ ውፅእ ኢልና ክይድና ንምምላስ ተፀጊምና ኢና። ስለዚ ኣነ ከም መስርሕ እውን ዝኣምነሉ ካብ ዝሓለፈ ዘይኮነስ ካብቲ ሐዚ ዘለኻሉ ኮይንካ ንቅድሚት ምእማት/ምእንፋት ዝብል እዩ። እዚ ክምዚ እናሃለወ ስግዝያዊ መንግስቲ ብዝምልከት ምምዕ ፕሪቶርያ ፖለቲካ ውድባት ይወከሉ ኣይብልን። ደንቢ ቀፅሪ 533/2013 ግና ኣብ ትግራይ ዘለዉ ፖለቲካ ሓልታት ዝሓቐፈ ግዝያዊ መንግስቲ ክኸውን ከም ዘለዎ ይድንግግ። ሰራዊት ብዝምልከት ከም ሓደ ክውክል ዘለዎ ኣካል ተቐቢልና ኢና። ስለዚ ከመይ

ይወክሉ ዝብል ክነቐምጥ ኣለና። እዚ ካብ ኮነ ኩሉም ላዕለዎት ማእኸለዎት፣ ተራ ኣባላትን ኣካል ጉዱኣትን ዘካተተ ይኹን ኢልና እነትነቐምጥ እብል።

ኣይተ የማኑ፦ ብኣውርኡ ሓዱሽ ኣብ መወዳእታ ኣብ ዝበሎ ይሰማዕማዕ እየ። ሓደ ነገር ግን ኣሎ። ኣብዚ መድረኽ ዝውከል ሓሳብ እዩ። እቶም ጀነራላት ድማ ብሓሳብ ህወሓት እዮም። ትኩእ ዘይትግበር ኣይትዛረቡ ዝበልካዮ ጌጋ እዩ። ንሕና ሓሳብ ኢና ነቕርብ ዘለና። ውክልና ሰራዊት ብዝምልከት ኣመራርሓ ኣይወክሉ ኣይበልናን። ነቲ ሰራዊት ክብሪ ዘይምሃብ እውን ኣይኮነን። ብሰሩ ነቲ ኣመራርሓ ሰራዊት ክሳብ ክንድዚ ምባልካ እቲ ኣመራርሓ ህወሓት እዩ ዝዓይነቱ እዩ ዝኸውን ዘሎ።

ልዕል ክብል ዝቐረቡ ዝርዝር ሓሳባት ክትዓትን ሰዒቡ ውክልና ሰራዊት ብዝምልከት ላዕለዎት ኣዘዝቲ፣ ማእኸላይ ኣዘዝቲ፣ ተራ ኣባላትን ኣካል ጉድኣትን ብዘካትት መልክዑ ክኸውን ይግባእ ዝብል ብሙሉእ ድምፂተወሲኑ ኣሎ።

*ለ. ኣወካክላ ተፈናቐልቲ ብዝምልከት*

ዶ/ር ይከኣሎ፦ ናይ ምዕራብ፣ ናይ ደቡብ ተፈናቐልቲ ዝተፈላለየ ድሕረ ባይታ ስለዘለዎም ሓደ በዚ መልክዕ ንርኣዮ። እቲ ካልኣይ ከይዲ ኣመራርፃ ኮይኑ ባዕሎም ወኪሎም ክመርፁ ተዝግበር።

ኣይተ ዓምዶም፦ ኣመራርፃ ብዝምልከት በቲ ዘለዎም ኣወዳድባ ተፈናቐልቲ በቢጣብያኦም (መዓስከሮም) ወኪሎም ይምረፁ። ደሓር እቶም ከካብ ጣብያኦም ዝተመረፁ ብሓባር ኮይኖም ወኪሎም ይመርፁ። ኮይኑ ግና እቶም ጣብያታት ተፈናቐልቲ ዝመርሑ (ዘተሓባብሩ) ህወሓት ስለዝኾኑ ጥንቃቐ ክንገብር ይግባእ።

ኣይተ ኪዳን፦ እቲ ሓቂ ክንርእዮ ከለና ናይቲ ፓርቲ (ህወሓት) ድሌት እዩ ናብ ቅድሚት ዝመፅእ ዘሎ። ናይ ዝኾነ ውድብ ኣባል ዘይኮነ ንክውከል ኢና ክንሰርሕ ዘለና። ስለዚ ነዚ ዘፈፅም ኣማራፂት ኮሚቴ ክነጣይሽ ይግባእ።

ኣይተ ትኩእ፦ ዞባ ምዕራብ ዝተወደቡ ስለዝኾኑ ንምስርሑ ፅቡቕ እዩ። ኮይኑ ግና ኣብኣቶም ዝተሓወሱ 3 ወረዳታት ኣለዉ። ደቡብ ድማ 6 ወረዳታት ኣለዉ። ስለዚ ናይዚኦም ባህሪኦም ሒዝና ብኸመይ ንወስን ዝብል እንተንርእዮ ፅቡቕ እዩ።

ዶ/ር ገ/መድህን፦ ካብታ ዝነኣሰት ናይ ተፈናቐልቲ ጣብያ (ዩኒት) ተወከልቲ ይሃልዉ እሞ ካብኡ ካብ ዝኾነ ውድብ ኣባልነት ነፃ ዝኾነ ሰብ ክመርፁ ይገበር።

ኣይተ ሓዱሽ፦ ተፈናቐልቲ ኣብ ዝሃለዉ ይሃልዉ ከምታ ኣወካክላ ህዝቢ ዝበልናያ ብናይ ፒራሚድ ኣከያይዳ መረፃ ኣቢሎም ወከልቶም ዝመርፅሉ መስርሕ ንግበር። እታ ካብ ኣባልነት ዝኾነ ውድብ ነፃ ዝኾነ እትብል ንኩሎም መስርሓት ውክልና ትሰርሕ መትከል ስለዝኾነት ከም ርዱእ ንውሰዳ።

ኣይተ ትኩእ፦ ብብርኪ ክልል ናይ ተፈናቐልቲ መሓውር ውዳብ የለን። እዚኣ ድማ ኣብ ኣወካክላ ክፍጠር ዝኽእል ፀገም ከመይ ንግበር ዝብል ተንርእዮ ፅቡቕ እዩ።

ኣይተ ዓምዶም፦ ካብ ዝኾነኩባቢ ዝተመዛበሉ ኩሎም ዘለዎም ሕቶን ፀገምን ብኣውርኡ ተመሳሳሊ እዩ። ንኣብነት ናብ መረበቶም ክምለሱ፣ ክበልዑ፣ ደቀም ከምህሩ፣ ወዘተ ዝብሉ እዮም። ስለዚ ዘለዉዎ ከባቢን ኣወዳድባን ብዙሕ ዘፀግም ኣይመስለንን። ጥራሕ ድርብ ውክልና ክህሉ ብዘየኽእል መልክዑ ወኪሎም ዝልእኽሉ መስርሕ ተዝቕመጥ እብል።

ኣወካክላ ተፈናቐልቲ ብዝምልከት ልዕል ክብል ዝቐረቡ ሓሳባት ሰዒቡ ክልተ ኣማራፂታት ዝቐረባ እንተኸውን ንሳቶም ድም ማእኸላት ተመዛበልቲ መሰረት ዝገበረን ናይ ዝኾነ ውድብ ኣባል ዜኮኑ ዝውክልሉ መስርሕ ዝብልን ናይ ዝኾነ ውድብ ኣባልነት ምርኣይ ክየድለየ ማእኸላት ተመዛበልቲ መሰረት ዝገበረ ኣወካክላ ዝብሉ ብሉ እዮም። ብመሰረት እዚ ድማ ኣማራፂ 1(ሓደ) ብ9ተ ድጋፍ ድምፂ ካልኣይ ኣማራፂ ድማ ብሓደ ድጋፍ ተወሲኑ።

*ሐ. ኣወካክላ ብሄረሰባት ብዝምልከት*

ወረደኦም መሰረት ገይሩ ልክዕ ኣብ ኣወካክላ ህዝቢ ብዝምልከት ዝተወሰነ ከይዲ/መስርሕ ኣወካክላ ህዝቢ መሰረት ገይሩ ወኪሎም ንክመርፁ ዝብል ብሙሉእ ድምፂ ምርድዳእ ተበፂሑ።

### 2.2.ካብ ውድባት ፖለቲካ ወፃእ ዘለዉ ኣካላት ዝህልዎም ኮታ (ወንበር) ብዝምልከት

ኣብዚ ልዕል ክብል ዝተገለፁ ተሳተፍቲ ኣካላት ካብቲ ጠቕላላ 30% ክክንደይ ብፅሒት ይሃልዎም ዝብል ኮይኑ ሰፊሕ ክትዕን ኣማራፂታትን ቀሪቦም እዮም። ብሓፈሻ ናብ ከባቢ 6ተ ዝኾኑ ስልሒታት ውክልና ዝቐረቡ ኮይኖም ኣብ መወዳእታ ናብ ክልተ ክጥመሩ ምርድዳእ ተበፂሑ። ብመሰረት እዚ ድማ ኣብቶም ክልተ መማረፂታት ድምፂ ዝተውሃበ እንትኸውን እቲ ዝቐረበ ኣማራፂን ዝረኸቦ ድጋፍን (ድምፂን) ከም ዝስዕብ እዩ።

| **ኣማራፂ 1** | | | **ኣማራፂ 2** | | |
|---|---|---|---|---|---|
| **ተሳተፍቲ ኣካላት** | **ብፅሒት** (%) | **ዝረኸቦ ድምፂ** | **ተሳተፍቲ ኣካላት** | **ብፅሒት** (%) | **ዝረኸቦ ድምፂ** |
| **ህዝቢ** | 7 | 6 | **ህዝቢ** | 14 | 2 |
| **ማሕበራት** | 13 | | **ማሕበራት** | 9 | |
| **ሰራዊት** | 3 | | **ሰራዊት** | 3 | |
| **ተመዛበልቲ** | 5 | | **ተመዛበልቲ** | 2 | |
| **ብሄረሰባት** | 2 | | **ብሄረሰባት** | 2 | |

**ልዕል ክብል ኣብ ዝቐረበ ክልተ ድምፀ-ተኣቅቦ ተዋሂቡ እዩ።**

3. ሽፋን ሚድያ ብዝምልከት

ኣብዚ ጉዳይ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ባዕሉ ብፍሉይ ሚስጥራዊ ክኸውን እንተዘይወሲኑ ዘካይዶም ኣኼባታት፣ ውሳነታትን መግለጺታትን ቀጥታዊ ሽፋን ሚድያ ክወሃቦ ይግባእ ዝብል ዓብላላይ ድምጺ ቀሪቡ እዩ።

**ኣይተ ኣብርኣሆም፦** ብሓፈሻ ኣብ ሕገ-መንግስቲ ትግራይ እውን ከም ዝተቀመጠ ንደሕንነትን ፀጥታ ህዝቢን ክበሃል እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ሚስጥራዊ ክኸውን እንተዘይወሲኑ ኩሉ ኣኼባታት እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ቀጥታ ናይ ሚድያ ሽፋን ክህልዎ ይግባእ። ስለዚ እቲ ቤት ምኽሪ ኣኼባታቱ ብፍሉይ ሚስጥራዊ ክኾኑ እንትውስን ስቕ ኢሉ ከም ዝደለዮ እንተይኮነስ ኣብ ሕጊ ዝተቐመጡ ከም ናይ ህዝቢ ደሕንነት፣ ፀጥታ፣ ወዘተ ዝኣመሰሉ ምኽንያታት ክህልዉ ይግባእ።

**ዶ/ር ገ/መድህን፦** እተን ሚድያታት ኩሉን ክሳተፋ ዝደልያ ናይ ውልቀን ካልኦት (መንግስታውን ዘይመንግስታዊን) ዝሓቁፍ ክኸውን ኣለዎ።

**ኣይተ ትኩእ፦** ከምቲ ቅድም ክብል ዝተገለፀ ብዕፁው ክኸውን ብፍሉይ ካብ ዝተወሰነ ወፃእ ናይ ኩለን ሚድያታት ሽፋን (ብቀጥታ ምምሕልላፍ ሓዊሱ) ክህልውን ኣብዚ ኣንሕና እውን ኣብ ቀረባ የጋጥመና ዘሎ መደባት ናይ ምቁርራፅ ፀገም ከይህሉ ከይተቐራረፁ ክፍነዉ ዝኽእለሉ ዕድል ክህሉ ብሓባር ክንቃለሶ ይግባእ።

**ኣይተ ሓዱሽ፦** ሚድያ ብዝምልከት ዘሎ ሓቂ ኣዝዩ ዝተሓላለኸን ብዙሕ ወድዓዊ ፀገም ዘለወንን ስለዝኾና ሓደ ዓርሱ ዝኸኣለ ናይ ቃልሲ ኣጀንዳ እዩ። እዚ ፀገም ከም ዘሎ ርድኢት ወሲድና እቲ ሓሳብ ተነጠቓልሉ።

ኣብ መወዳእታ ብመሰረት ሕጊ ደሕንነት ህዝቢ፣ ፀጥታን ካልኦት ተመሳሰልቲ ምኽንያት መሰረት ገይሩ ባዕሉ እቲ ቤት ምኽሪ ብፍሉይ ሚስጥራዊ ክኾኑ እንተዘይወሲኑ ዘካይዶም ኣኼባታት፣ ውሳነታትን መግለጺታትን ቀጥታ ናይ ሚድያ (መንግስታውን ዘይመንግስታውን) ሽፋን ክረኽቡን ክመሓላለፉን ኣለዎም ዝብል ሓሳብ ብሓበራዊ ምርድዳ ተወሲኑ።

4. ኣባላት ካቢኔ ኣባላት ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ክኾኑ ኣለዎምዶ የብሎም ዝብል

እዚ ሓሳብ ብኣይተ ሓዱሽ (ካቢኔ ወኪሎም ዝሳተፉ ዘለዉ) ኣጀንዳ ክኸውን ዝቐረበ ኮይኑ ተሳተፍቲ ድማ ከም ዝስዕብ ተመያይጠምሉ ኣለዉ።

**ኣይተ ኣብርሃም፦** ብስሩ ኣባላት ካቢኔ (ፈፃሚት) ናብ ግዝዊ ቤት ምኽሪ ክኣትዉ የብሎምን። ንባዕሉ ዝቖፃፀርን ዝከታተሎን ቤት ምኽሪ መሊሱ ባዕሉ ኣባል እቲ ተቖፃፃራይ ክኸውን የብሉን።

**ኣይተ የማነ፦** ብመሰረቱ ኣባላት ፈፃሚት መሊሶም ኣባለት ቤት ምኽሪ ክኾኑ ምግባር ምስ መሰረታዊ ክልስ ሓሳብ **ክፍፍል ስልጣን** (Separation of Powers) **ዝፃባእ እዩ። እዚ ምትሕሙዛቕ ስልጣን** (Fusion of Power)

ክልቴኦም ኣካላት (ስልጣን ሕጊ ምውፃእን ስልጣን ሕጊ ምፍፃምን) ክህሉ ዝገብርን እዩ። ብርግፅ ፈፃሚት ኣባል ቤት ምኽሪ ክኾውን እንክሎ ዝህልዎ ሓደ ረብሓ ኣብ ምፍፃም ስራሕቲ ዝሓሸ ምውዳድን ኣድማዓይነትን (Synergy and Efficiency) ክህሉ ስለዘኽእል ዝብል እዩ። እዚ ኣብ ፓርላሜንታዊ ስርዓት ዝተለመደ እዩ። ኣብ ከምዝ ዝበለ ስርዓት ኣብያተ ምኽሪ ነቲ መራሒ ፈፃሚት ስራሕ (ፕረዝደንት/ቀዳማይ ሚኒስቴር) ይሸውን የውርድን እዩ። ብተወሳኺ እቲ ፕረዝደንት ዘቕርቦም ኣባላት ፈፃሚት ይሸውምን የውርድን እዩ። ይኹን እምበር ሐዚ ኣብ ዘለናሉ ኩነታት ከም ምግባር ኣዝዩ ኣፀጋሚን መሰረት ዝስእንን እዩ። ምኽንያቱ ድማ እቲ ሐዚ ዘሎ ግዝያዊ ምምሕዳር ብዘለዎ ቅርፂ (structure) እንትርአ ፕረዝደንሻላዊ ቁሩብ እውን ካብኡ ንላዕሊ ሓፍ ዝበለን ኩሉ ስልጣን ነቲ ፕረዝደንት ዝሃበ እዩ። እቲ ፕረዝደንት በቲ ቤት ምኽሪ ዘይኮነስ ብ መንግስቲ ፌዴራል ዝተሾመ እዩ። ኣባላት ካቢኔ ድማ ቤቲ ቤት ምኽሪ ዘይኮነስ ብቀጥታ በቲ ፕረዝደንት ዝሸወሙ እዮም። እዚ ኩሉ ንርኢ ከለና ኣባላት ፈፃሚት መሊሶም ኣባላት እቲግዝያዊ ቤት ምኽሪ ክኾኑ ዘኽእል ዝኾነ ዓይነት ርትዓዊ ምኽንያት የለን። ስለዚ ኣብ ምፍፃም ስራሕቲ ዝሓሸ ምውዳድን ኣድማዓይነትን ንክህሉ ምእንተ ብዘይድምፂ ካብ ምስታፍ ወፃእ ካልእ ዝኣትውሉ ዕድል ክህሉ የብሉን።

ኣይተ ኪዳኑ- ሓደ መሰረት ክንገብሮ ዝግባኣና ካብቲ ዝሓለፈ ተማሂርና ቀፃሊ ዝሓሸት ትግራይ ንክትህሉ ባይታ ምንፃፍ ዝብል እዩ። ስለዚ እዚ ቤት ምኽሪ ዋላ ግዝያዊ ይኹን ዝሓሸ ጉልበት ዘለዎን ጠንካራ ክትትልን ቁፅፅርን ሓላፍነትን ዝወነነ ክኸውን ይግባእ። ሓደ ሰብ ባዕሉ ኣካል ሕጊ መውፅኢን ሕጊ ፈፃሚን ክኸውን ምግባር ኣብ ስርዓት ክትትልን ቁፅፅርን (Check and Balanc) ፀገም ስለዝፈጥር ካቢኔ ኣባል እቲ ቤት ምኽሪ ክኸውን የብሉን።

አይተ ዓምዶም፡- ሓሳብን መብርሂን ንምሃብ እቲ ካቢኔ ብዘይድምፂ ይሳተፍ ስለዘሎ ፀገም የብሉን። ካብዚ ወፃእ ካቢኔ ብድምፂ ተሳታፋይ ዝኾነሉ ኣባልነት ኣብቲ ግዝያዊቤት ምኽሪ ክህልው ኣይግባእን።

ኣይተ ትኩእ፡- ከም ዝፍለጥ ኣብቲ አለማ ብፅሑፍ ዘቕረብናዮ ካቢኔ ባዕሉ መኻሪ ባዕሉ ተመካሪ ክኸውን የብሉን ዝብል እዩ። እዚ እንትንብል ተሓሳቢ ዝገበርናዮ እቲ ዝነበረ ቤት ምኽሪ ዝውከለሉ ዕድል ክህልወና እዩ ብዝብልን ብተወሳኺ ድማ እቲ ዝጣየሸ ኣካል ቤት ምኽሪ ዘይኮነስ ኣማኻሪ ካውንስል እዩ ብዝብል እዩ። ኮይኑ ግና እቲ ኮሚቴ ብዝወሰኖ እዚ ተሓሳብነት ተቐይሩ ኣሎ። ስለዚ ሐዚ ከመይ ይኹን ዝብል ግን ብዙሕ ግልፂ ኣኮነለይን። ስለዚ ተወሳኺ እንተነውግዐሉ ፅቡቕ እዩ ዝብል ሓሳብ ኣለኒ።

ኣይተ ሓዱሽ፡- የማነ መልከዕ ኣትሒዝዎ ነይሩ እዩ። ካቢኔ ብድምፂ ክሳተፍ ብዝኽለሉ ብርኪ ኣባል ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ክኸውን ምግባር ዝህልዎ ሓደ ፀገም ምትሕውዋስ ሓላፍነት (fusion of power) ከምፅእ እዩ ዝብል እዩ። በቲ ካልእ ወገን ዝህልዎ ረብሓ ድማ ዝሓሸ ምርድዳእን ኣፋፃጽማን (Synergy and efficiency) ክህል የኽእል እዩ ዝብል እዩ። ስለዚ እቲ ዋና ነገር ኣብ ሞንጎ እዞም ክልተ ሓሳባት ሚዛን (Balance) ክህል ምግባር ብዝብል እየ መጀመርያ ውን እቲ ሓሳብ ዘቕረብክዎ።

ልዕል ክብል ዝቐረቡ ምይይጣትን ሓሳባትን ሰዒቡ እቲ ኣፈላላይ ብድምፂ ክውሰን ብዝተበፅሐ ምርድዳእ ናብ ድምፂ ምውሃብ ዝተኣተወ ኮይኑ ውፅኢቱ ድማ ከም ዝስዕብ ይመስል

- ኣባል ካቢኔ መሊሱ ኣባል ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ክኸውን ኣለዎ- 0 (ባዶ)
- ኣባል ካቢኔ መሊሱ ኣባል ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ክኸውን የብሉን- 9ተ (ትሽዓተ ድምፂ)
- ድምፀ-ተኣቅቦ- 1 (ሓደ)።

ዕለት፡ 25/05/2016 ኣ/ግ

***ቃለ-ጉባኤ.......ዝቐፀለ...***

***ኣጀንዳታት***

1. ትካላዊ ኣወዳድባ፣ ኣሰራርሓን ቅርፂን ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ከመይ ይኹን ዝብል ተመያጥካ ምውሳን
2. ኣብ ዝሓለፉ ኣኼባታት ብዝተወሰነ መሰረት ካብ ውድባት ፖለቲካ ወፃእ ዝውከሉ ኣካላት ብዝምልከት እቶም ዝውክልዎም ሰባት ብከመይ ይመረፁ ዝብል ተመያይጥካ ውሳነ ምዕራፍ
3. መዳለዊ ኮሚቴ እዚ ሰነድ ኣፅሬፉ ምስ ወደአ ኣብ መወዳእታ ከመይ ይፅደቕ ዝብል ተመያይጥካ ውሳነ ምሃብ።

***ኣብ ኣኼባ ዝተረኸቡ ተሳተፍቲ***

1. ኣይተ ሩፋኤል ሽፋረ (ካብ ቤት ፅሕፈት ፕረዝደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ)
2. ኣይተ ትኩእ (ካብ ውድብ ህወሓት)
3. ኣይተ የማነ ካሳ (ካብ ውድብ ሳወት)
4. ኣይተ ኪዳነ ኣመነ (ካብ ውድብ ባይቶና)
5. ኣይተ ኣብርሃም ገ/ወልድ (ካብ ውድብ ኣክሱማይ ዋዕላ)
6. ኣይተ ዶሪ ኣስገዶም ((ካብ ውድብ ዓሲምባ)
7. ኣይተ ዓምዶም ገብረስላሰ (ካብ ውድብ ዓረና ትግራይ)
8. ዶ/ር ገ/መድህን ሮምሃይ (ካብ ውድብ ዉናት)
9. ዶ/ር ይከኣሎ ወሉ (ካብ ACSOT)

***ዝርዝር ትሕዝቶ እቲ ኣኼባ***

1. **ትካላዊ ኣወዳድባ፣ ኣሰራርሓንቅርፂን ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ከመይ ይኹን ኣብ ዝብል**

ኣብዚ ትካላዊ ቅርፂ እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ኣካቢ፣ ምክትል ኣካቢ፣ ፀሓፊን ሓባር ኮሚቴታትን ክህልዎ ከም ዘለዎ ሓበራዊ ምርድዳእ ተበፂሕሉ እዩ። ብምቕፃል እዞም መሓውራት ግዝያዊ ቤት ምኽሪ፣ ብመን ይጣየሹ/ይምረፁ፣ ተፀዋዕነቶም ንምን ይኹን፣ ክንደይ ኮሚቴታት ይሃልዉ፣ ወዘተ ዝኣመሰሉ ነጥብታት ብዝርዝር ተራእዮም ምይይጥ ዝተገበረሎም እንትኸውን ከም ዝስዕብ ድማ ይመስል።

*1.1.ኣመራርፃ/ኣሲያይማ ኣካቢ፣ ምክትል ኣካቢ፣ ፀሓፊን ኮሚቴታትን ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ብዝምልከት*

ብሓፈሻ ዝቐረቡ ሓሳባት ኣብ ክልተ መቒልካ ዝርአዩ ኮይኖም ንሳቶም ድማ ብፕረዝደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ይመረፁ/ይሰየሙ ዝብልን ኣይኮነን ብኣባላት እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ይሰየሙ ዝብሉን እዮም። ሕድሕድ ተሳታፊ ዘቕረቦ ሓሳብ ድማ ከም ዝሰዕብ ብዝርዝር ቀሪቡ ኣሎ።

ኣይተ ዓምዶም፦ ኣካቢ፣ ምክትል ኣካቢን ፀሓፊን እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ካብ ውሽጢ ኣባላት እቲ ቤት ምኽሪ ዝምረፁ ኮይኖም ዝመርፆም ኣካል ድማ ባዕሉ እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ እዩ ክኸውን ዘለዎ። እዚ ብተመሳሳሊ ነተን ኮሚቴታት እውን ዝሰርሕ ይኸውን።

ኣይተ ኪዳን፦ ኣካቢ እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ብፕረዝደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ዝምረፅ እንተኾይኑ ትርጉም ኣይህልዎን። ስለዚ እቲ ኣካቢ ካብ ኣባላትን ብኣባላትን እቲ ቤት ምኽሪ ዝምረፅ ክኸውን ኣለዎ።ተፀዋዕነቱ እውን ነቲ ቤት ምኽሪ ክኸውን ዝግባእ ኮይኑ ተፀዋዕነት እተን ኮሚቴታት ድማ ነቲ ኣካቢ ይኸውን።

ዶ/ር ገ/መድህን፦ ኣመራርፃ ኣካቢ፣ ምክትል ኣካቢን ፀሓፊን ብዝምልከት ዓምዶምን ኪዳንን ዝበልዎ ይቕበል።

ኣይተ ዶሬ፦ ኣካቢ፣ ምክትል ኣካቢን ፀሓፊን ብኣባላት እቲ ቤት ምኽሪ ክምረፁ ኣለዎም ዝብል ኣነ ውን ይቕበሎ እየ።

ኣይተ ትኩእ፦ እቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ዝተጣየሸሉ ልኡኽቶ ሰነድ ኣሎ። እዚ እንትብል እቶም ናይ ፌዴራል ሕግታት ኣይኮንኩን ዝብል ዘለኹ። ኣነ ዝብል ዘለኹ ኣብዚ ኣብ ትግራይ ብህዝባዊ ኮንፈረንስ ኣቢሉ ዝተጣየሸሉ ልኡኽቶ እየ ዝብል ዘለኹ። ስለዚ ልኡኽቶኡ እቲ ዝብሎ ዘለኹ ናይ ትግራይ መሰረት ዝገበረ ክኸውን ይግባእ። ኣንሕና እቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ግዜኡ ክሓፅርን ቀልጢፍና ናብ መረፃ ክንኣቱን ኢና ንደሊ። በዚ መሰረት ኣካቢን ምክትል ኣካብን ካብ ኣባላት እቲ ቤት ምኽሪ ክኾኑ ተገይሩ ኣሰያይመኦም ድማ ምስ ፕረዝደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ብምምኽኻር ክቐውም ይግባእ። ናይተን ኮሚቴታት ኣካብን ምክትል ኣካብን ድማ ምስ ኣካቢ እቲ ቤት ምኽሪ ተረዳዲእካ እያ ትፍፀም።

ኣይተ የማነ፦ ንድሕሪት ዝምልሰና ኣከያይዳ ክንኸይድ የብልናን። እቲ ትኩእ ልኡኽ እቲ ቤት ምኽሪ ቡቶም ናይ ፌዴራል ሕግታት ዘለይኮነስ ናይ ትግራይ መሰረት ዝገበረ ክኸውን ኣለዎ ዝብሎ ቅቡልነት የብሉን። ከምቲ ትኩእ ዝብሎ ዘሎ በቲ ህዝባዊ ኮንፈረንስ ኣቢሉ እቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ዝተጣየሸሉን ብዕሊ ልኡኽቶኡ ዝተውሃቦሉን፣ ሕጋዊ መሰረት ዘለዎ፣ ግልፂ ዝኾነ ሰነድ ወይ ሕጊ የለን። ስለዚ ዘይንፈልጦ ሰነድ ንሕና ኣብዚ ኣጀንዳ ገይርን ኣይንዛተየሉን። ምስ ብዙሕ ፀገማቱ እቲ ኣንሕናን ዓለምን ዝፈልጦን ሕጋዊ መልክዕ ዘለዎን መጣየሺ ብፌዴራል መንግስቲ ዝወፀ ደንቢ ቁፅሪ 533/2015 እዩ። ኣብዚ ደነቢ ልኡኽቶኡ እውን ኣሎ። ኣዋጅ ቁፅሪ 359/1995 እውን ንፈልጣ ኢና። ንሕና ብዝተኸኣለ መጠን ብመሰረት ስምምዕ ፕሪቶርያ ኢና ንኸይድ ዘለና። ስለዚ ደንቢ ቁፅሪ 533/2015 ምስ ስምምዕ ፕሪቶርያ ክሳብ ዘይተፃበአት ብእ ኣቢልና ንኸይድ። ነዚ ስምምዕ ብዝፃባእን

ንረብሓና ዝኸድእን እንተኾይኑ ፍፁም ክንቅበሎ የብልናን። ካብዚ ወፃእ ዘይንፈልጦ ሰነድ ሐዚ መጺኡ ንድሕሪት ክምልሰና ኣይግቡእን።

ካልእ ኣመራርፃ ብዝምልከት ኣካቢ፣ ምክትል ኣካቢን ፀሓፊን ክምረፁ ዘለዎም ካብ ኣባላት ቤት ምኽሪ ኮይኑ ዝመርፆም ድማ እቲ ቤት ምኽሪ ክኸውን ይግባእ። ተፀዋነቱ እወን ንባዕሉ ኣባላት እቲ ቤት ምኽሪ ክኸውን ይግባእ። እንተዘክኣል ነይሩ እቲ ቤት ምኽሪ ነቲ ፕረዝደንት እውን ክሸውም፣ ክቖፃፀር ይግእ ነይሩ እናበልና መሊስና ኣካቢ እቲ ቤት ምኽሪ ብፕረዝደንት ክሰየምን ተፀዋዕነቱ እውን ንፕረዝደንት ዝብል ቅድም ክብል ተፀዋዕነት ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ብዝምልከት ምስ ዝወሰንናዮ እውን ዝፃባእ እዩ።

ኣይተ ትኩእ፦ ኣነ ኣብ ዝሓለፈ እውን ምስ ኣዋጅ ቁፅሪ 359/1995 ተተሓሒዙ ድምፀ-ተእቅቦ ዝገበርኩ ግልፂ ስለዘይኮነለይ እዩ። ብሓፈሻ ግን ንኩሉ ዘካትትን ሓሳባት ዝንሸራሸርሉን ክኸውን ከም ዘለዎ ግን ንኣምን።

ተሳተፍቲ ልዕል ክብል ዝተገለፁ ሓሳባት ድሕሪ ምቕራብ ኣብቶም ክልተ ዝቀረቡ መማረፂታት ድምፂ ዝሃበ እንትኸውን እቲ ውፅኢት ድማ ከም ዝስዕብ ይመስል።

- ኣካቢ፣ ምክትል ኣካቢን ፀሓፊን ካብ ኣባላት ቤት ምኽሪ ብፕረዝደንተ ግዝያዊ ምምሕዳር ይመረፁ- 2ተ (ክልተ) ድጋፍ
- ኣካቢ፣ ምክትል ኣካቢን ፀሓፊን ካብ ኣባላት ቤት ምኽሪ ብኣባላት ቤት ምኽሪ ይመረፁ- 6ተ (ሽዱሽተ) ድጋፍ

*1.2. ዓይነት፣ቁፆመን በዝሒን ኮሚቴታት ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ብዝምልከት*

ኣብዚ እውን ብተመሳሳሊ ብተሳተፍቲ ሰፊሕ ምይይጥ ተገይሩ እዩ።

**ኣይተ ኪዳኑ**- እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪን ኮሚቴታቱን ብመሰረት ዕላማን ሓላፍነትን ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይን ግዝያዊ ቤት ምኽሪን ክኸውን ይግባእ። በዚ መሰረት ድማ ካብተን ዘለዋ ኮሚቴታት ብተወሳኺ ኮሚቴ ጀኖሳይድ ትግራይ፣ ኮሚቴ ተመዛበልቲን ምውሓስ ግዝኣት ትግራይን፣ ኮሚቴ ዳግመ-ህንፀትን እግሪ ምትካልን፣ ኮሚቴ ድፕሎማሲ ዝብሉ እውን ክህልዉ ይግባእ።

**ዶ/ር ገ/መድህኑ**- ኮሚቴታት ብዝምልከት ፍትሕን ተሓታታይነትን ምስ ዲፕሎማሲ ዝብል ተጠሚሩ ሓደ ኮሚቴ ተዝኸውን። ካልእ ኮሚቴ ተፈናቀልቲን ጉድኣት ኲናትን ዝብል እውን ተዝህሉ።

**ኣይተ ዶሩ**- ኣቃውማ እተን ኮሚቴታት ድሕሪ ግዝያዊ ምምሕዳር እውን ብዝቕፅል መልክዑ መሓውራዊ ቅርፂ መሰረት ዝገበረን ኣባላተን ድማ ንኩሎም ተሳተፍቲ ኣካላት ብዝሓቁፍ መንገዲ እንተዝጣየሻ ዝሓሸ ይመስለኒ።

**ኣይተ ኣብርሃም**- ሓፈሻዊ ኣወዳድባን ቅርፂን እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ሓፈሻዊ ቅርፂ (Structure) እቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ኣብ ግምት ዘእተወ ተዝኸውን ፅቡቕ እዩ። ብተወሳኺ ኣብ ልሙድ ድሕረ-ኲናት ማሕበረሰብ (Post-

war society) መሰረት ዝገበረ መሓውር ክኸውን ኣብ ሰብኣውነትን ሰብኣዊ ሓገዛትን እውን መሰረት ዝገበረ ናይ ኮሚቴታት ኣወዳድባ ክኸውን ይግባእ። ስለዚ ድማ ሰናይ ምምሕዳር፣ ምስቲ ዘለናሉ ኩነታት ዝተሓሓዝ ናይ ዕርቅን ማሕበራዊ ስምረትን (Reconciliation and Social Cohesion) ከምኡ እውን ምስ ዓለም-ለኻዊ ትሕብብር (International Cooperation) ዝተሓሓዙ ኮሚቴታት ተዝህልዉ። ካልእ ምስቲ ብጭቡጥ ዘሎ ብርሰት ኣግራብን ከባቢን (environement and deforestation) ከምኡ እውን ዳግመ ህንፀትን ዝምልከቱ ኮሚቴታት ተዝህልዉ። ኣብ መወዳእታ ኣብ ኣመራርፃ ኣባላት እተን ኮመቴታት ዓቕሚ፣ ብርኪ ትምህርቲ (ሞያ)ን ተቐባልነት ዝኣመሰሉ መለኪዒታት ኣቐዲምና እንተነቕምጥ ፅቡቕ እዩ፡

ኣይተ ትኩእ፦ ኣብተን ኮሚቴታት ተፈናቐልትን ግዝኣቶምን ዝምልከት ናይ ኩላትና ስራሕ እዩ ዝብል ርድኢት ተዝህልወና። ናብ ዝርዝር ኮሚቴታት እንትንመፅእ ኪሚቴ ስምምዕ ፕሪቶርያ እትብል ዓርሳ ዝኽኣለት ኮሚቴ ክትህሉ ኣለዋ። ብሓፈሻ ኮሚቴታት ሓቛፋይ ብዝኾነ መንገዲ ክጣየሻ ኣለወን።

ዝቀረቡ ሓሳባት ልዕል ክብል ከም ዝተገለፀ ኮይኖም ኣብ መወዳእታ ብሓበራዊ ምርድዳእ ኩሎም ኣባላት/ተሳተፍቲ እዘን ዝስዕባ 7ተ ኮሚቴታት ክህልዋ ተወሲኑ

1. ኮሚቴ ጉዳያት ቁጠባዊ ልምዓት፤
2. ኮሚቴ ጉዳያት ዳግመ-ህንጸትን እግሪ ምትካልን፤
3. ኮሚቴ ጉዳያት ማሕበራዊ ልምዓት፤
4. ኮሚቴ ጉዳያት ሰላም፣ ፍትሒን ዴሞክራታዘሽንን፤
5. ኮሚቴ ጉዳያት ፍትሒን ተሓታታይነትን ጄኖሳይድ ትግራይ፤
6. ኮሚቴ ጉዳያት መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን፤
7. ኮሚቴ ጉዳያት ምርግጋፅ ግዝኣታዊ ሓድነትን ምምላስ ተመዘበልትን ዝብሉ እዮም።

ብተወሳኺ ድማ ተሳተፍቲ (ኣባላት ኮሚቴ) ኣብዘን ዝስዕባ ነጥብታት ብሓበራዊ ምርድዳእ ወሲኖ እዩ።

- ሕድ ሕድ ኮሚቴ ናይ ባዕሉ ኣካብን ምክትል ኣካብን ክህልዎ፤
- ትግባርን ሓላፍነትን፣ ኣሰራርሓ፣ ውሳነ ኣወሃህባን ዝኣመሰሉን እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪን ኮሚቴታቱን ባዕሉ እቲ ቤት ምኽሪ ብዘውፅኦ መምርሒ ከም ዝውሰን ዝብሉ እዮም።

### *1.3.ኣኼባ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ብዝምልከት*

ኣብዚ ዝተወሰኑ ኣማራጺታት ብተሳተፍቲ ድሕሪ ምቕራቦም ስሩዕ ኣኼባ እቲ ቤት ምኽሪ በቢ 2ተ (ክልተ) ወርሑ ከም ዝካየድን ከከም ኣድላይነቱ ድማ ህፁፅ ኣኼባ ክፅዋዕ ከም ዝኽእልን ብተሳተፍቲ ሓበራዊ ምርድዳእ ተበፂሑ እዩ።

*1.4.ፍልፍል በጀት እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ብዝምልከት*

ኣብዚ ፍልፍል በጀት እቲ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ካብ ግዝያዊ ምምሕዳር ብዝምደብ በጀትን ካብ መንግስታዊን ዘይመንግስታውን ኣካላት ብዝርከብ ሓገዝ ክኸውን ዝብል ሓበራዊ ምርድዳእ ኩሎም ተሳተፍቲ እቲ ኣኼባ ተበጺሕሉ።

2. **ካብ ውድባት ፖለቲካ ወፃእ ዝውከሉ ኣካላት  ዝውክልዎም ሰባት ብከመይ ይመረፁ ዝብል**

ኣብዚ ተሳተፍቲ ሓሳባትን ኣማራፂታትን ድሕሪ ምቕራቦም ኣወካክላ እዞም ኣካላት ከመይን ብመንን ይፈፀም ዝብል ብሓበራዊ ምርድዳእ ውሳነ ኣሕሊፎም እዮም። ብመሰረት እዚ ድማ ኣገባብ ኣወካክላ እዞም ኣካላት ዝከታተልን ዘፈፅምን መማረፂ ኮሚቴ ካብ ኣባላት እዚ ኮሚቴ (መዳለዊ ኮሚቴ) ንክጣየሽ ዝብል ምርድዳእ ተበፂሑ።

3. **እዚ ሰነድ ኣብ መወዳእታ ብመን/ብከመይ ክፀድቕ ኣለዎ ኣብ ዝብል**

ካብቶም ዝቐረቡ ኣማራፂ ሓሳባት ብተወሳኺ ብድምፂ ንክውሰን ዝተገበረ ሓደ ሓሳብ ዝቐረበ ኮይኑ ንሱ ድማ እዚ ሰነድ መን የፅድቀ ዝብል ኣጀንዳ ሐዚ ተዘይውሰንን ኩሉ ነገር ምስተወደአ ተንውሰንን ዝብል እዩ። ነዚ ሓሳብ ዘይተቐበሉ ድማ ሐዚ መሰረታዊ ስራሕቲ እቲ ኮሚቴን እቲ ሰነድ ክሕዞም ዝግባእ ትሕዝቶን ኣመልኪትና ኩሉ ስለ ዝወዳእና ሐዚ ክንውሰን ይግባእ ዝብል እዩ። ኣብዘን ክልተ መማረፂታት ድምፂ ዝተውሃበ እንትኸውን ሐዚ ይወሰን ዝብል 5ተ (ሓሙሽተ) ድጋፍ ይፅናሕ ዝብል ድማ 3ተ (ሰለስተ) ድጋፍ ብምርካብ ብኣብዝሓ ድምፂ ሐዚ ንክውሰን ተወሲኑ።

ስዒቡ እቲ ሰነድ ብመንን ብከመይይ ክፀድቕ ኣለዎ ኣብ ዝብል ተሳተፍቲ ሰፍሕ ዝበለ ምይይጥን ዘተን ገይሮም እዮም።እቶም ዝቐረቡ ሓሳባት ብሓፈሻ እንትርኣዩ እቲ ብመዳለዊ ኮሚቴ ፀፊፉ ዝተዳለወ ናይ መወዳእታ ሰነድ ካቢኔ ይኹን ፕረዝደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ሓሳብን ርኢቶን ክህብሉ ከም ዝኽእሉን እዚ ምግባር ድማ ሓበራዊ ምርድዳእ ክህሉ ክሳብ ዘኽኣለ ፀገም ከም ዘይብሉን ዝበለፀ ከም ዝኾነን ዝብል ሓሳብ እዩ። እዚ ምርድዳእ ከም ዘሎ ኮይኑ ብሓፈሻ ክልተ መማረፂታት ቀሪቦም እዮም። እቲ ሓደ መማረፂ እዚ መዳለዊ ኮሚቴ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት (ካቢኔን ፕረዝደንት ግዝያዊ ምምሕዳርን ሓዊሱ) ብድምፂ ዝሳተፍሉ ውክልና ዘለዎም ስለዝኾነን ኣብዚ ዘለዎ ኣባላት ድማ ንኩሉ ዝወከሉን ሰብ ዋና እቲ ሰነድ (ዕላማኡ) ስለዝኾኑን ኣብቲ ናይ መወዳእታ ሰነድ ካብኔ ይኹን ቤት ፅሕፈት ፕረዝደንት ሓሳባትን ርኢቶን ምስ ሃቡ ባዕሉ እዚ ኮሚቴ ክፅድቕዎ ይግባእ ዝብል እዩ። እቲ ካልኣይ መማረፂ ናብ ካቢኔ ቀሪቡ ብካቢኔ ክፀድቕ ኣለዎ ዝብል እዩ። ኣብ መወዳእታ ኣብ ዝቐረቡ ክልተ ኣማራፂታት ድምፂ ክወሃብ ብምግባር እቲ ኣኼባ ተዛዚሙ።

1. ካቢኔ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ የፅድቀ- 1 (ሓደ) ድጋፍ
2. ባዕሉ እዚ መዳለዊ ኮሚቴ የፅድቀ- 5ተ (ሓሙሽተ) ድጋፍ
3. ድምፀ-ተኣቅቦ -1 (ሓደ) ድጋፍ ብምርካብ ብኣብዝሓ ድምፂ ተወሲኑ።